2016



# ቅዱስ ጾም

ቅዱስ ባሲልዮስ ዘቂሳርያ
ቅዱስ ዮሃንስ ኣፈወርቅ
ቅዱስ ኣግናጥዮስ ብራይንኮኒኖብ

ትርጉም | ፍኖተኣትናቴዎስ http://fnoteatnatiewos.com

## ቅዱስ ባሲልዮ ዘቂሳርያ (329-379)

*“ብሰርቂ ወርሒ፣ ብምልኣት ወርሒ፣ ብመዓልቲ በዓልና”* ይብል እቲ ዘማራይ *“መለኸት ንፍሑ”* /መዝ 81፥4/። እዚ ትእዛዝ`ዚ ትንቢታዊ እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ሙዚቃዊ መሳርሒን፣ ልዕሊ መለኸትን፤ እዚ ቃል መጽሓፍ ቅዱስ`ዚ ዝያዳ ድምጺ ኣለዎ፣ ድሕሪ እተን መዓልታት ዝመጽእ በዓል ከም ዘሎ ውን ይሕብረና።

ድሕሪ ጾም ዝመጽእ ጸጋን በርኸትን ከም ዘሎ ባዕሉ ኢሳይያስ ነጊሩና እዩ። ንሱ ነቢዩ ኢሳይያስ ነቲ ናይ ኣይሁድ ኣጻዉማ መንገዶም ብምንጻግ፣ እቲ ሓቀኛ መንገዲ ጾም ኣዊጁልና እዩ፣ *“እቲ ኣነ ዝፈትዎ ጾምሲ ንመኣሰር እከይ ምፍታሕ፡ ንማእሰርቲ ኣርዑት ምዝላቕ፡ ንጥቑዓት ምውጻእ ሓራ፡ ኣርዑት ዘበለ ኹሉውን ምስባርዶ ኣይኮነን”* /ኢሳ 58፥6/። ጐይታ ውን *“ክትጸሙ ኸሎኹም፡ እቶም ግቡዛት፡ ጽዋሞት ምኧኻኖም ብሰብ ምእንቲ ኺርኣዩ፡ ገጾም የጸምልዉ እዮም እሞ፡ ከማታቶም ጽምልዋት ኣይትኹኑ።”* /ማቴ 6፥16/።

እምበኣር ብዛዕባ መጻኢ ህይወት እንዳተጨነቕና ዘይኮነስ፣ ነቲ ዝተማሃርናዮ ብግቡእ እንዳተግበርና፣ ንቅዱሳን ዝበቅዕ ናብራ ንንበር። ማንም ተስፋ ዝቖርጽ ሽልማት ኣይረክብን፣ ማንም ብትህኪት ዝቃዝን ውን ኣብ ዓወት ኣይበጽሕን። ትፍወስ ስለዘለኻ ኣይተስቆርቆር።

በዚ ሓደ ወገን ነፍሲኻ እንዳተፈወሰት እንከላ፣ ኮይኑ ግና ዓይነት መግቢ ስለዝቀየርካ (ንጾም ከመልክት እንከሎ`ዩ) ከተስቆርቆር ኣይግባኣኻን፤ ከምዚ ትገብር እንድሕሪ ኾይንካ፣ ልዕሊ ናይ ነፍሲኻ ጥዕና ፍትወት ከብድኻ የገድስካ ማለት እዩ። ጽጋብ ንኸብዲ የሐጉሳ፣ ጾም ግና ንነፍሲ የርብሓ። ሓኪም ንሓጢኣት ዝቐትል መድሃኒት ስለዝሃበኻ፣ ደስ ይበልካ። ከምቲ ኣብ መዓናጡ ህጻናት ዝርኸቡ ደቀቕቲ ሓሰኻታት ብመሪር መድሃኒት ዝጠፍኡ፣ ጾም ውን ተመሳሳሊ ውጽኢት ኣለዎ። ጾም ኣብ ህይወትኻ እንድሕሪ ኣተኣታቲኻዮ፣ ማለት ክትጸዉም እንድሕሪ ጀሚርካ፣ ነቲ ኣብ ነፍስኻ ተሓቢኡ ዘሳቕየካ ሓጢኣት ይቕተል። ስለዚ ነዚ ሓቀኛ መድሃኒት ዝኾነ ጾም፣ ከተድንቖ ይግባእ።[1]

*“ርእስኻ ተለኽ ገጽካ ውን ተሓጸብ”* /ማቴ 6፥18/። እዛ ሙሉእ ሓሳባት ክልተ ሚስጢራት ዝሓዘት እያ። እቲ ርእሱ ዝተለኽየ ሰብ ቅብኣት ኣለዎ፣ እቲ ዝተሓጽበ ውን ይነጽህ። ነዚ ትእዛዝ`ዚ ኣብ ውሽጢ ህይወትኻ ተግብሮ (ነዚ ትእዛዝ ኣብ ነፍስኻ ኣውዕሎ) ። ነፍስኻ ካብ ዘለዋ ሓጢኣት ኣንጽሃያ። ምስ ክርስቶስ ሕብረት ክህልወኻ፣ ርእስኻ ብቅዱስ ዘይቲ ተለኽይ። ንጾም ድማ ብኸምዚ መንፈስ ቅረቦ። ከምቶም ግቡዛት ዝገብርዎ ገጽካ ኣይተጸምልዉ።

ሓደ ሰብ ግዳማዊ ትርኢቱ የሕፍርዎ፣ ብውሽጡ ሕማቕ እንድሕሪ ዝስምዖ ኮይኑ፣ ገጹ የጸምልዉ እዩ። ብውሽጡ ካልእ ክነሱ ብግዳም ግና ካልእ ናይ ሓሶት ምስሊ የርኢ። ናይ ተዋስኣይ ህይወት ኣለዎ። ተዋስኣይ ኣብቲ ናይ ሓቀኛ ህይወቱ ካልእ ክነሱ፣ ኣብ መድረኽ ግና ዝተፈላለየ ምስሊ ይሕዝ። ባርያ ክነሱ፣ ከም ጐይታ ይዋሳእ፣ ተራ ዜጋ ክነሱ ንጉስ ይኸዉን። ኣብ ህይወት ውን ተመሳሳሊ እዩ፤ ገለ ሰባት ኣብ ገለ ደረጃ ምስ በጽሑ፣ ንህወቶም ናብ ተዋስኦ ይቕይርዎ። ሰባት ዝርእይዎ ግዳማዊ ትርኢት ብደገ እንዳጸባረቑ፣ ብውሽጢ ልቦም ግና ካልእ ይሓስቡ። ንስኻ ግና ገጽኻ ኣይተጸምልዉ፣ ከምቲ ኣብ ውሽጢኻ ዘሎ፡ ኣብ ግዳምኻ ውን ከምኡ ይኹን። ንሰባት መግቢ ዘይትፎቱ መሲልኻ ስለዝተራእካዮም፣ ዝህቡኻ ርእቶን ዉዳሴን ባህ ኣቢሉካ፣ ካብ ሰባት ከንቱ ዉዳሴ ንኽትረክብ ገጽኻ ኣይተጸምልዉ። ኩሉ ብግዳም ዝግበር ዘበለ ኣብቲ ዝመጽእ ህይወት ዓስቢ የብሉን። ሰባት ትሰርሖ ዘለኻ ሰናይ ግብሪ ክፈልጡልካ መለኸት ምንፋሕ ዓስቢ ኣየዉህብን፣ ጾምካ ንሰባት ምርኣይ ውን በረኸት የብሉን። ከንቱ ዉዳሴ ቀታሊ እዩ።

እምበኣር ጾም ብዝህቦ ህያባት ተሓጉስኻ ጉየይ (ቅረብ)። ጾም ካብ ጥንቲ ዝተዋህበና ህያብ እዩ፣ ብግዜ ኣይኣረግን፣ ብዘመን ውን ዘይቅየር እዩ፣ እኳ ደኣ ነናሻዕ ብትግሃት ዝሕደስን መመሊሱ ዝደምቕን እዩ።

ምናልባት ከምዚ ስለዝበልኩ፣ ንጾም ካብ ሕጊ ሙሴ ከም ዝተበገሰ ጌረ ዝገለጽኽዎ ይመስለኩም ይኸዉን። ግን ክትፈልጥዎ ዘለኩም፣ ጾም ቅድሚ ሕጊ ሙሴ ዝነበረ እዩ። ጾም ኣብታ ዓስረይቲ መዓልቲ ናይ ሳብዐይቲ ወርሒ ዝግበር መዓልቲ ዕርቂ ዝተበገሰ ይመስለኹም ይኸዉን /ዘሌ 23፥27/፣ ግን ኣይኮነን። ጥንቲ መበገሲ ጾም ቀደም እዩ። ዘመን ዘመጽኦ ሓድሽ ተፈጥሮ ዘይኮነስ፣ ካብ ኣቦታትና ዝተሰጋገረ እዩ።

ካብ ጥንቲ ዝተሰጋገረ ኩሉ ነገር ብሉጽ እዩ። ጥንታዊነት ናይ ጾም ኣኽቢርካ ሓዞ። ዕድመ ጾም፣ ልክዕ ዕድመ ደቂ ሰባት እዩ። ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ገነት እዩ ተኣዚዙልና። ኣዳም ዝተቀበሎ ቀዳመይቲ ትእዛዝ ጾም እዩ፣ *“ካብታ ሕማቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና . . .ዕጸ በለስ ካብኣ ኣይትብላዕ”* /ዘፍ 2፥17/። *“ካብኣ ኣይትብላእ”* ብዝብል ቃል ትእዛዝ መስረት፣ ሕጊ ጾምን፡ ‘ካብ መግቢ ምኽላካልን’ (ዘይምብላዕ) ተሰሪቱ። ሄዋን ካብታ ኦም ጾይማ እንተትኸዉን፣ ሕጂ ምጿም ኣይመድለየናን። *“ንሓኪምሲ ሕሙማት እምበር፡ ጥዑያት ኣይደልይዎን”* /ማቴ 9፥12/። ብሓጢኣት ቆሲልና ነበርና፣ ብንስሓ ድማ ተፈዊስና፣ ንስሓ ብዘይ ጾም ግና ፍረ ኣልቦ እዩ።

*“ምድሪ ብዛዕባኻ ርግምቲ ትኹን. . . እሾኹን ተኾርባን ተብቁለልካ”* /ዘፍ 3፥17-18/። ብምቛት ዘይኮነ ብመኸራ ክትነብር ኢኻ ተኣዚዝካ። ብጾም ኣቢልካ ልማኖኻ ናብ እግዚአብሔር ኣቕርብ። ኣብ ገነት ዝነበረ ህይወት ምስሊ ጾም ዝሓዘ ነበረ። ኣብ ገነት፣ ሰብ ብዘለዎ ዉሑድ ነገር ይኣኽለኒ ብምባሉ፣ ምስ መላእኽቲ

---

[1] “Νηστεία” ጾመ ማለት ቃል ብቃሉ፣ ምሕዳግ ወይ ድማ ምቁራጽ ማለት እዩ። ብሓጺሩ መግቢ ምሕዳግ እዩ። ቅ.ባሲልዮስ ዝገልጾ ዘሎ፣ ጾም ነቲ ሓጢኣት እንዳተመገበት እትስልጥነሉ ብልዒ ብምሕዳግ፣ ንሓጢኣት ከም ትቐትላ እዩ።

ዘመሳስሎም ነገር ነበሮ። ወይኒ ምስታይ፡ እንስሳታት ሓሪድካ ምብላዕ፡ ካልእን ንኣእምሮ ደቂ ሰባት ዝሰረቑ ፍትወታት ኩሎም፣ ኣብ ገነት ኣይነበሩን፣ ደሓር ደቂ ሰባት ተባላሒቶም ዘተኣታተውዎም እዩ እምበር፣ ኣብ ገነት ዝነበሩ ሰባት ነዚ ነገር ኣይገብሩን ነበሩ።

እምበኣር ስለዘይጾምና ካብ ገነት ወደቕና፣ ስለዚ ምእንቲ ናብኣ ክንምለስ ኣብዚ ምድሪ ጾም ንጹም! ኣልኣዛር እቲ ድኻ ከመይ ጌሩ ብጾም ገነት ከም ዝወረሰ ርኢኹም`ዶ? /ሉቃ 16፥19-31/ ናይ ሄዋን ዘይምእዛዝ ኣቃሊልካ ኣይትርኣየ፣ ንስጋኻ ብምሕላይ ክትበልዕ ዝደፍኣካ ምኽሪ ዲያብሎስ ውን ኣይትቐበሎ። ጥዕና ምስኣንን ስንክልና ወይ ድኻም እንዳመኽነይካ ካብ ጾም ኣይትርሓቕ። እዚ ምኽንያት ንዓይ ኣይኹንካን ትነግረኒ ዘለኻ፣ ነቲ ኹሉ ዝፈልጥ ኣምላኽ ኢኻ።

እስከ ንገሩኒ፣ ክትጾሙ ኣይትኽእሉን፣ ግን ከኣ ኣብ ሙሉእ ህይወትኩም ኩሉ ዓይነት መግቢ ትበልዑን፣ ስጋዊ ኣካላትኩም ውን ብብዝሒ ብልዒ ተጨንቕዋ፣ እዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን? እቲ ዝገርም ብዙሓት ኣነ ዝፈልጦም ሓካይም ኣለዉ፣ ኣብ ክንዲ ዝተፈላለየ ዓይነት መግቢ፣ ንሕሙማቶም፣ ጾምን ካብ መግቢ ምኽልካልን፣ ይእዝዙ። ስለምንታይ ደኣ ኢኹም፣ ሓኻይም ዝኣዘዙልኩም ብዘይምዉልዋል ትትግብርዎ፣ ነቲ ቤተክርስቲያን ዝኣውጀቶ ኣጽዋማት ግና ኣይንኽእሎን እንዳበልኩም ካብ ጾም ትርሕቁ?

ንኸብዲ ኣየናይ እዩ ዝሕሻ? ከብድኻ መሊእኻ ምድቃስ`ዶ፣ ዋላስ ፎኪስ መግቢ በሊዕካ ድሕሪ ምዉዓል ቅልል ኢልካ ምድቃስ? ኣየናይ ይሓይሽ? ድቃስ ስኢንካ፣ ምዕልባጥን፡ ምግልባጥን`ዶ ይሓይሽ? ዘኽሩ`ሞ ንሓደ መርከበኛ ኣየናን ይቐሎ፣ ብብዝሒ ንብረት ዝተጻዕነት ጃልባ`ዶ፣ ዋላስ ብዝሒ ንብረት ዘይብላ ፍኹስ ዝበለት ጃልባ? እታ ብዝሒ ንብረት ዘለዋ ጃልባ፣ ዋላ እቲ ማዕበል ድኹም ይኹን፣ ቀልጢፋ ትጥሕል። በንጻሩ እታ ብዙሕ ንብረት ዘይሓዘት ጃልባ፣ ነቲ ዝመጽእ ጃልባ እንዳ መኸተት፣ ጸብለል ኢላ ክትሓልፎ ትኽእል።

ኣብ ኣካላት ደቂ ሰባት ውን ተመሳሳሊ እዩ፣ ቀጻሊ ብብዝሒ ብልዒ ዝተመልአት ሰብነት፣ ብሕማም ይኹን ብመከራ ቀልጢፋ ትደኽም፣ ኣብ ምህዳም ውን ብዙሕ ጸገም ይገጥማ። እታ ፎኪስን ቀሊል መግቢ እትምገብ ሰብነት ግና፣ ንሕማም ተጻዋርነት ኣለዋ፣ ካብ መከራ ውን ቀልጢፋ ትሃድም። ኣብ ብዝሒ ብልዒ ዘሎ ሕማም ውን ኣይቖርባን። ኣብ ኣተሓሳስባኹም፣ ኣብ ክንዲ ተጊህኻ ምቅላስን ምጉያይን፣ ምድቃስን ምዕራፍን ጻዕሪ ዘድልዮ ይመስለኩም። በቲ ካልእ ኣዘራርባ፣  እቶም ሓሚሞም ዘለዉ ኣብ ክንዲ ፎኪስን ቀሊል መግቢን ዝበልዑ፣ ፍተወቶም ዘርዉይ ብልዒ ክበልዑ  ትምዕዱ ማለት እዩ። ህይወትና ትነብረሉ ተፈጥሮ፣ ንመጠነኛ ኣመጋግባን፡ ፎኪስ መግቢን ዘይፎቱ፣ ኣብ ክንዲኡ ብዝሒ ብልዒ ዝመርጽ እዩ። ስለዚ ድማ ነቲ ዝለመድናዮ ብዝሒ ብልዒ ሓዲግና ኣመጋግባና ናብ ፎኪስን ቀሊልን ምስ ንቕይሮ፣ ሰብነትና ነዚ ክጻወሮ ኣይኽእልን፣ ስለዚ ድማ ድኻምን ሕማምን ይስማዓና።

ሕጂ ግና ጥንታዊነቱን ታሪኻዊነት ናይ ጾም ብምምርማር፣ ቅዱሳን ነዚ ጥንታዊ መሳርሒ ብጸጋ ተቐቢሎም ከመይ ጌሮም ንረብሓ ነፍሶም ከምዘዉዓልዎን፣ ካብ ኣቦታቶም ተቐቢሎም ናብ ደቆም ከመይ ጌሮም ከም ዘሰጋገርዎ ክንርኢ ኢና። እዚ መሳርሒ`ዚ (ጾም) ብምስግጋር ካብ ዝሓለፈ ወለዶ እንዳተወራረሰ ዝመጽአ እዩ። ኣብ ገነት፣ ወይኒ ኣይነበረን፡ ምሕራድ እንስሳታትን ኣይነበረን፡ ስጋ ምብላዕ ውን ኣይነበረን። ድሕሪ ማይ ኣይሂ ግና፣ ሰብ ወይኒ ክሰቲን፣ ስጋ ክበልዕን ጀመረ፣ *"ዚዋሳወስ ዘበለ ኹሉ ህያው መብልዕኩም ይኹን፡ እዚ ኹሉ ኸምቲ ልሙዕ ብቚሊ ሂበኩም ኣሎኹ"*  ዝብል ትእዛዝ ውን ተዋህበና /ዘፍ 9፥3/።

ሰብ ናብ ፍጽምና ከብጽሖ ዘኽእሎ ዝነበረ ተስፋ ምስ ኣጥፈአ፤ ምስትምቓርን ምቾትን ተኣታተወ። ኖህ ቅድሚ ሕጂ ናይ ወይኒ ኣጠቓቕማ ይፈልጥ ከም ዘይነበረ፣ ሓደ ኣብነት እዩ። ቅድሚ ማይ ኣይሂ ደቂ ሰባት ካልእ ተሞክሮ ነበሮም፣ ድሕሪ ማይ ኣይሂ ድማ ካልእ ልማድ ኣጥረዩ። ምኽንያቱ ቅድሚ `ዚ ግዜ፣ ወይኒ ኣብ ደቂ ሰባት ኣይፍለጥን፣ ኣብ ህይወት ሰባት ውን ኣይተኣታተወን ነበረ፤ ማንም ውን ናይ ወይኒ ልማድ ኣይነበሮን። ቅድሚኡ ርኢዎ፡ ጥዒምዎ ይኹን፣ ሰትዩዎ ኣይፈልጥን፣ ብዝሒ ወይኒ ዘስዕቦ ዉጽኢት ውን እንታይ ምዃኑ ይፈልጥ ኣይነበረን፣ ስለዚ ድማ እዩ፣ *"ኖህ ድማ ሐረስታይ ምድሪ ኪኸውን ጀመረ፡ ወይኒ ኸኣ ተኸለ። ካብ ወይኒ ሰትዩ ድማ ሰኸረ፡ ኣብ ማእከል ድንኳኑ ኸኣ ጥራዩ ኾነ።"* ብምባል መጽሓፍ ዝገለጾ /ዘፍ 9፥20-22/። ኖህ ናይ መስተ ልማድ ስለዝነበሮ ኣይኮነን፣ ዝሰኸረ፤ እንታይ ደኣ ክንዲ ምንታይ ወይኒ ክሰቲ ከም ዘለዎ ይፈልጥ ኣይነበረን።

እምበኣር ካብዚ ንርድኦ ነገር ተሃልዩ፣ ወይኒ ምስታይ ድህሪ ገነት  ዝመጽአ፣ ጾም ድማ ቅድሚኡ ዝነበረ እዩ። ሙሴ ውን ብጾም ናብ ከረን ሲና ደየበ /ዘጸ 24፥18/። ንጾም ከም መሳርሒ እንተዘይለብሶ፣ ናብቲ ዝተኸከ ከረን ክድይብ ኮነ፡ ናብቲ ጸልማት ክኣቱ ኣይምደፈረን። ነቲ ብኣጻብዕቲ እግዚኣብሔር ዝተጻሕፈ ዓሰርተ ትእዛዛት ዝተቐበለ ውን ብጾም እዩ። ጾም ሕጊ የዉህብ፣ ብልዒን ጽጋብን ግና ናብ ኣምልኮ ጣኦት ይመርሕ፣ ምክንያቱ ጽሑፍ እዩ "እቶም ህዝቢ ድማ ኪበልዑን ኪሰትዩን ኮፍ በሉ፡ ኪስሐቑ ኸኣ ተንስኡ።" /ዘጸ 32፥6/ ይብል።

ባርያ እግዚኣብሔር ሙሴ፣ ብኣርባዓ መዓልቲን ለይቲን ጾም፡ ንእግዚኣብሔር ተጸብዩ ዝረኸቦ ዓሰርተ ትእዛዝ፣ ብሰንኪ መስተ ተሰብረ። ምኽንያቱ እቶም ህዝቢ ትእዛዝ ኣምላኽ ክቕበሉ ድሉዋት ኣይነበሩን። እቲ ብፍሉይ ተኣምራት ተመሪሖ፡ ባዕሉ እግዚኣብሔር ድንቂ ነገር እንዳገበረን እንዳመሃረን ዘደሓነ ህዝቢ፣ ብሓደ ግዜ ብሃርገፍገፍ ብልዒ ተሳዒሩ፣ ናብ ኣምልኮ ጣኦት ግብጻዉያን፣ ብርእሱ ተኖቒቱ ኣተዎ። እምበኣር ሕጂ ንክልቲኡ ሸነኻት ጾም

ኣዛሚድና ንመርምሮ፤ ጾም ናብ እግዚአብሔር ዝያዳ የቕርበካ፣ በንጻሩ ብልዒ ሃርጎምጎም ካብ ድሕነት የርሕቀካ። ናብ ብልዒን ሃርጎምጎምን ዝዘንበለ፣ ዳርጋ ኣብ መንገዲ ጥፍኣት ዘሎ እዩ።

ኤሳዉ ተታሊሉ፣ ባርያ ሓዉ ክኸዉን ዝገበሮ እንታይ እዩ? ብሰንኪ ሓንቲ ዘይትጠቅም ብልዒ`ዶ ኣይኮነን ቡኽርንኡ ዝሸጠ? /ዘፍ 25፥29-34/

ንሳሙኤል`ኸ ኣብ ማህጸን ኣዲኡ ከምዝጥነስ ዝገበሮ እንታይ እዩ፣ ጾም ዝተሓወሶ ጸሎት`ዶ ኣይኮነን? /1ይ ሳሙ 1፥13-16/

ንሳምሶም ዘይሰዓር ሓይሊ ክህልዎ ዝገበረ እንታይ ይመስለኹም? ብጾም`ዶ ኣይኮነን ኣብ ማህጸን ዝተጠንሰ? /መሳ 13፥4/ ብጾም ተወልደ፥ ብጾም ዉን እንዳተዓንገለ ዓበየ፣ ጾም ናብ እኹል ሰብኣይ ኣብጽሓቶ፣ መልኣኽ እግዚአብሔር ዉን ብጾም ናይታ ኣደ ተሓጒሰ። “ካብ ኦም ወይኒ ዚወጽእ ዘበለ ኣይትብላዕ፥ ወይንን ዜስክርን ከኣ ኣይትስተ፥ ርኹስ ዘበለውን ኣይትብላዕ፥” /መሳ 13፥14/።

ብጾም ነብያት ተወልዱ፣ ሓይሎም ዉን ተሓደሰ፣ ጾም ንጸሓፍቲ ሕጊታት ጥበብ ትህቦም። ጾም ንነፍሲ ትሕልዋ። ጾም ናይ ሰብነት እሙን ዓርኪ፣ ናይ ጅግና መሳርሒ፥ ናይ ስፖርተኛ መሰልጠኒ ማእኸል እያ። ጾም ፈተና ተርሕቀልና፣ ናብ ስነ ምግባር ብቕብኣት ተብጽሓና። ጾም ናይ ንቕሓት ብጻይ፣ ናይ ንጽህና መሳልል እያ። ኣብ ኲናት ብትብዓት ትቃለስ፣ ኣብ ግዜ ሰላም ድማ ስቕታ ትምህረና። ንናዝራዉያን ዝኾኑ ባሕታዉያን እትቅድስ፣ ንካህናት ድማ ናብ ፍጽምና እተብጽሕ።

ዝኾነ ይኹን ናይ ቅድስና ስራሕ፣ ብዘይ ጾም ኣይፍጸምን። ዋላ እቲ ቀደም፣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ ናይ ጽላሎት ኣገልግሎት እኳ ባዕሉ፣ ኹሉ ብጾም ዝተሰነየ እዩ ኔሩ። ኣብ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣማናዊ ኣገልግሎት ዉን ከምኡ፣ ብጾም እዩ። ንኤልያስ ረኣይዎ፣ ብጾም ኣቢሉ ነፍሱ ንኣርባዓ መዓልቲ ምስ ኣንጽሃ፣ ብምህረት ኣምላኽ ተሃልዩ ኣብ ሆሬብ በጽሐ፣ ኣብኡ ዉን ነቲ ዓቢይ ራእይ ክርእይ በቅዐ /1ይ ነገ 19፥8-13/። ብጾም ኣቢሉ ኣንጻር ሞት ስለዝተቓለሰ፣ ደሓር ዉን ወዳ ናይታ መበለት ካብ ሞት ናብ ህይወት ክመልሶ ክኢሉ እዩ፣ እዚ ኹሉ ዉን ካብ ጾም ከይረሓቀ እዩ ጌርዎ /1ይ ነገ 17፥17-24/። ካብ ኣፍ ናይዚ ጸዋማይ ሰብ ዝወጽአት ሓንቲ ቃል፣ ንሰማይ ሰለስተ ዓመትን መንፈቕን ዓጸወቶ፣ ምኽንያቱ ሓጢኣት ናይቲ ህዝቢ ኣዝዩ ስለዝበዝሐ። ልቢ ናይቶም ተረርቲ ክሳብ ህዝቢ፣ ምእንቲ ክሰብር፤ ንገዛእ ርእሱ ማዕሪኦም ንመከራ ኣሕሊፉ ሃበ። ሽዑ ዉን ከምዚ በለ፣ “በዘን ዓመታት እዚኣተን፥ ኣነ ኽይተዛረብኩ፥ ኣውሊ ኾነ ወይ ዝናም ከይኽውን፥ እቲ ኣነ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢለ ዘሎኹ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል እዩ” /1ይ ነገ 17፥1/። ብሰንኪ ጽጋብ ንዝኣተወ ኣምልኾ ጣኦት፣ ካብቲ ህዝቢ ምእንቲ ከጥፍእ፣ ድርቂ /ጥሜት/ ብምስዓብ ኣብ ልዕሊ`ቲ ኹሉ ህዝቢ ጥሜት ኣዉረደ። ኤልሳእ`ኸ እንታይ ዓይነት ህይወት ነበሮ? ንሱ ባዕሉ፣ ከመይ ጌሩ ነቶም ነቢያት ከም ዝተቐበሎም ዘኽሩ? ብቁራዕ ሓርጭን፥ ሓምሊ መሮርን ጌሩ`ዶ፣ ኣጋይሽ ኣይተቐበለን /2ይ ነገ 4፥39-41/?

ሓደ ኣሚያንቱስ ዝበሃል፣ ክቓጻል ዘይኽእል ነገር ኣሎ፤ ኣብ ሓዊ ምስ ተእትዎ፥ ከም ጓህሪ ይቐይሕ፤ ምስ ኣዉጻእኻዮ ግና፣ ልክዕ ብማይ ከም ዝሓጸብካዮ፣ ኣዝዩ ጽሩይ ይኽዉን። ሰብነት ናይቶም ኣብ ባቢሎን ዝነበሩ ሰለስተ መናእሰያት ዉን ከምኡ እዩ ኔሩ፣ ጾይሞም ብዝገብርዎ ጽንዓት፣ ልክዕ ከም ኣሚያንቱስ እዮም ኲይኖም /ዳን 1፥8-16/። ምኽንያቱ፣ ኣብ ሓዊ ምስ ተደርበዩ፣ ከምቲ ወርቂ ኣብ ሓዊ ኣትዩ ዝፍተን፣ ከምኡ ተፈቲኖም፣ እቲ እሳት ግና ኣብ ልዕሊኦም ዋላ ሓንቲ ሓይሊ ኣይነበሮን። ወረኺ፣ ልዕሊ ወርቂ ብሉጻት ምዃኖም እዮም ኣመስኪሮም፤ ምኽንያቱ፣ እቲ እሳት ንዕዖም ኣየምከኾምን፣ እኳ ደኣ ሓለዎም እምበር። ሓይሊ ናይቲ እቶም እሳት ግና ኣይትዘንግዕዎ፣ ብነዳዲ፥ ብዕንጨይቲ፥ ብዝተፈላለየ መቀጻጸሊን ዝነደደን፣ 49 እመት ናብ ላዕሊ ዝወጽአ፣ ካብ ምብርትዑ ዝተላዕለ ዉን፣ ነቶም ንሰለስተ መንእሰያት ክድርቢይዎም ዝቀረቡ ሰባት፣ ዘቐተለ ሓዊ እዩ። ንጾም ከም እጽዋር ተዓጢቆም፣ ናብቲ ባርዕ እተዉ፣ ብኣእጋሮም ዉን ነቲ እሳት ረገጽዎ፣ ኣብ ማእኸል `ቲ ብርቱዕ ሓዊ፣ ዝሑሉ ጥዑም ንፋስ የስተንፍሱ ነበሩ። ብጾም ዝተነድቁ ስለዝነበሩ፣ ዋላ ንጸጉሪ ርእሶም ከየተረፈ ኣይተንከዮምን /ዳን 3፥50/።

ዳንኤል፣ እቲ ኣዝዩ ፍቱው ቅዱስ ሰብ /ዳን 10፥11/፣ ንሰለስተ ሶምን ከይበልዐ ማይ ዉን ከይሰተየ ዝነበረ /ዳን 10፥2-3, ስጋ ኣይበላዕኩን ወይኒ ዉን ኣይሰተኹን/፣ ናብ ጉድጓድ ኣናብስ ምስ ተደርበየ፣ ነቶም ኣናብስ እንኰላይ ጾም ምሂርዎም እዩ /ዳን 6፥16-22/። ሰብነት ዳንኤል ካብ እምኒ፥ ወይ ካብ ሓጺን፥ ወይ ካብ ሓደ ተሪር ንጥረ ነገር ዝተሰረሐ ኮይኑ ስለዝተሰምዓም ድዩ፣ ኣናብስ ኣብ ስግኡ ኣስናኖም ክተኽልሉ ኣይደፈሩን። ጾም ንሰብነት ዳንኤል ኣትሪራቶን፥ ንኣስናን ኣናብስ ዉን ከም ዘይሰዓር ጌራቶ። ከምቲ ሓጺን ኣብ ማይ ምስ እትወ ዝኾነዎ ድማ፣ ዳንኤል ናብ ጉድጓድ ኣናብስ ምስ ተደርበየ፣ ክደፍርዎ ኣይከኣሉን፣ ኣናብስ ኣፎም ኣንጻር እዚ ቅዱስ ሰብ ዉን ክኸፍቱ ኣይደፈሩን።

ጾም ንሓይሊ እሳት ዝሰዓረትን፥ ንኣፍ ኣናብስ ዉን ዝዓጸወትን እያ። ጾም ናይ ጸሎት መንገብገብ ኮይና፣ ንጸሎትና ናብ ሰማያት እተዕርግ እያ። ጾም፣ ናብ ሓንቲ ስድራቤት መትረሪ፥ ናይ ጥዕና ኣደ፥ ናይ ነኣሽቱ መራሒት፥ ናይ ሽማግለታት ግርማ፥ ናይ ተቓለስቲ ሰባት ብጻዮም፥ ናይ ክልተ ሰብ ሓዳር ዉን መሓዛ ዓርኪ እያ። ሓደ፣ ሕጊ ጾም

እትኽተል ሰበይቲ፣ ዘላቶ ሰብኣይ፡ ንሰበይቱ ፍጹም ኣይጠራጠራን እዩ። ከምኡውን ሰብኣያ ጸዋሚ እንድሕሪ ኮይኑ፣ ሰበይቲ ብቅንኢ ኣይትሓምምን።

እስከ ኣብ ግዜ ጾም እንታይ ጎዲሉ ይፈልጥ? ስለዚ ጾምኩም`ከ እንታይ ዓይነት እቶት እዩ ጎዲልኩም? ኣብ ገዛኹም ዘሎ ኲሉ ነገር ጸብጽብዎ፣ ጾም ምስ ተወድአ ውን ዳግማይ ጸብጽብዎ። ስለዝጾምኩም ዝጎድለኹም ነገር ፈጺምኩም ኣይክትረኽቡን ኢኹም። ንሞቱ ዝበኺ እንስሳ ኣይክህሉን፣ ደም ውን ኣይክፈስስን፣ ብሰንኪ እዛ ዘይትጸግብ ከብዲ ዝዉሰን ዝነበረ ናይ ጠለ ቢጊዕ ማሕረድቲ ተሪፉ እዩ። ካራ ናይቲ መግቢ ዘዳልዉ ሰብ ውን ንጹህ እዩ፣ መኣድና ውን ብተፈጥሮ ካብ ዝቦቕሉ ነገራት ሰሲኑ ኣሎ።

መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝነግረና፣ ሻዉዐይቲ ሰንበት ማለት ቀዳም፣ ንኣይሁድ ዝተዋህበት፣ ማሎም፡ እንስሳታቶምን፡ ግዙኣቶምን ምእንቲ ከዕርፉ እዩ /ዘጸ 20፡10/። እምበኣር ኣብ ግዜ ጾምና ውን ንሕና ከምኡ ንግበር፣ ሙሉእ ዓመት ዘገልገሉና ኲሎም፣ ኣብ ግዜ ጾምና ካብ ዕረፍቲ ዘይብሉ ስራሕ ነዕርፎም። ነቲ ጽዋእኻ ዝስከምን፡ ደድሕሬኻ ዝኸይድ ኣገልጋሊኻን፣ ዕረፍቲ ሃቦም። ሕብስቲ ዝስንክቱልካ ኣገልገልቲኻ ውን፡ ዕረፍቲ ሃቦም። ነታ ዘይትዓግብ ዉሻማኻ ዝኾነት ከብድኻ፣ ከዕንግሉ፣ ናብዚን ናብቲን ዝብሉ፡ ብዘይ ዕረፍቲ ውን ሓንሳብ ብትኺ ናይ ሓዊ፡ ሓንሳብ ብሓፋ ናይ ጸብሒ፡ ዘገልግሉኻ፤ ኣገልገልቲኻ፣ ቅሩብ ዕረፍቲ ሃቦም። ተቀበልቲ ቀረጽ እኳ፣ ነቶም ገንዘብ ዝዓድይዎም ሰባት ዕረፍቲ ይህቡ እዮም። ስለዚ፣ ከብዲና ንኣፉ ዕረፍቲ ክትህብ ይግባእ። ብፍላይ ሓሙሽተ መዓልቲ /ካብ ሶንይ-ዓርቢ/ ነዚ ተግባር፣ ክትፍጽሞ መሃራ። እንተዘይኮይኑ ግና፣ ኮብዲ ኲሉ ግዜ ኣይትዓግብን፣ ጠላባታ ውን ኣይዉዳእን፣ ሎሚ ትቕበል ጽባሕ ድማ ትርስዕ እያ። ክትጸግብ እንከላ፣ ብዛዕባ ካብ መግቢ ምርክልካል ትፈላሰፍ እያ፣ ክትጠምይ እንከሎ ግና፣ ነዚ ሓሳብ ፈጺማ ኣይትዝክሮን።

ጾም ልቃሕ ኣይትፈልጥን፣ መኣዲ ናይ ጸዋማይ ሰብ ውን ካብ ሓረጣ ብዝርከብ ገንዘብ ኣይኰነን ዝስስን። ከምቲ ገበል ኣብ ክሳድ እቶም ዝጥቀዕዋም ኣካላት ዝጥምጠም፣ ናይ ሓደ ኣቦ ዕዳ ኣብ ክሳድ እቲ ዘኽታም ዉላድ ኣይእከብን። ብካልእ ኣዘራርባ፣ ጾም ናይ ሓጎስ ኣጋጣሚ እዩ።ከምቲ ጽምኢ ጸኒሕካ፣ ማይ ክትሰቲ እንኰለኻ ትሕጎሶ፣ ወይ ጠሚኻ ጸኒሕካ እንድሕሪ በሊዕኻ፡ እቲ መግቢ ጥዑም ዝኸዉን፤ ከምኡ ውን ጾም ንመግቢ ከነስተማቕሮ ይሕግዘና እዩ። ነቲ ቀጻሊ ናይ ምብላዕ ልምድና ብምስባርን ብምንዋሕን፤ ደሓር መግቢ ክንበልዕ ከለና፣ ባህታ ክፈጥረልና ይኽእል። ከምቲ ንሓደ ዓርክኻ ናፊቅካ እትረኽቦ ማለት እዩ። ብሓቂ ንብልዒ ሸዉሓት ብዝኸፍት ኣገባብ ከተስተማቕሮ እንድሕሪ ደሊኻ፣ ንጾም ተቐበሎ። ጾም ንዉሽጥኻ ሕዳሴ ክህበልካ እዩ። ሓጎስ ብብልዒ ጥራይ እዩ ዝርከብ ዝብል እምነት ናይ ሄዶንነት[2] ስለዝሓዝኻን፣ ቀጻሊ ብዘይ ምቁራጽ ብምብላዕካን፤ ጣዕሚ መግቢ ከምቲ ዝግባእ ጌርካ ከተስተማቕሮ ኣይከኣልኻን። ቀጻሊ ትረኽቦ ነገር ኣይትናፍቖን ኢኻ። እቲ ሓሓሊፉ እትረኽቦ ነገር ኢኻ እትናፍቖ። ስለዚ ውን እዩ፣ ንሱ እቲ ዝፈጠረና ኣምላኽ፣ ክፈጥረና እንከሎ፣ ነቲ ንሱ ዝሃበና ኲሉ ነገር፣ ኣብ መነባብሮ ህይወትና ምቅይያር እንዳገበርና ከም እነስተማቕሮ ጌሩና[3]። ዋላ ኣብ ህይወትና ከነስተዉዕሎ ንኽእል ቀሊል ነግራት ኣሎ፣ ንኣብነት ጥዕና ዝያዳ እተስተማቕሮ ሓሚምኻ ድሕሪ ምጽናሕ እዩ። ንጽባቐ ጸሓይ ውን ዝያዳ ኣነድንቓ፣ ጸልማት ሓሊፉ ካብ ድቃስና ምስ ተንሳእና እዩ። ጣዕሚ መግቢ ውን ድሕሪ ጾም እዩ፣ ዝያዳ ዝምቕር። ገሊኦም ሃብታማትን ምስትዉዓል ዝጎደሎም ሰባትን፣ ጾም ዝጾሙ ሰባት፣ ቁጠብኦም ከመሓያይሹ ዝደለዩን፣ ወይ ድማ ድኽነት ዘለዎም ሰባት ጥራይ ጌሮም ይሓስብዎ። ኮይኑ ግና ጥቕሚ ጾም ንኲሉ ሓደ እዩ።

እምበኣር፣ ነቲ ኣብ መሬት እንከሎ ናይ ምቾት ህይወት የሕሊፉ፣ ደሓር ግና ኣብ ሰማያት ኣብ ሲኦል ሓዊ ዝተደርበየ፣ ናይቲ ሃብቶም ሰብኣይ ዕጫ ንፍርሓዮ /ሉቃ 16፥19-31/። ዝገበሮ ሓጢኣት ስለዝነበረ ኣይኰነን ኣብ ሓዊ ተድርብዩ፤ እንታይ ደኣ፣ ስለቲ ዝነበሮ ዓቀኑ ዝሓለፈ ናይ ምቾት ህይወት እዩ፣ ስለዚ ኣብቲ ናይ ሲኦል ሓዊ እቶን ተደርበየ። እምበኣር፣ ነቲ ሓዊ`ቲ ንምጥፋእ፣ ማይ ከድልየና እዩ። ጾም ነቲ ደሓር ዝህልወና ህይወት ጥራይ ኣይኰነን ዝጥቕመና። ጾም ንስጋና /ንሰብነትና/ ውን ብዙሕ ጥቕሚ ኣለዎ። ተፈጥሮ ባዕላ በይና ጥራይ ንምልኣት ጥዕና ክትሕልዎን ከትጽንዖን ኣይትኽእልን። እዚ፣ ዋላ እቶም ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ዝነብሩ ሰባት ተሞኪሮምሉ እዮም። እምበኣር ሕጂ፣ ካብ ከምዚ ዓይነት ማይ ተጠንቀቕ[4]! እምበር`ኸ ከምቲ ሃብታም ሰብኣይ ዝገብሮ፡ ከምኡ እንዳ ናፈቕካዮ ክትነብር ኢኻ። ማንም ሰብ ማይ ሰትዩ ኣይሰኽርን፣ ብዝሒ ማይ ስለዝሰተይ፣ ርእሱ ዘሕምሞ ኣይረኣናን። ማይ ጥራይ ዝሰቲ ዝኰነ ይኹን ሰብ፣ ብካልኦት ሰባት ክድገፍ ኣይረኣናን[5]። ብማይ ዝተዓንገለ ሰብ፣ ኣጠቓቕማ ኣእጋሩን ኣእዳዉን ኣይጠፍኦን እዩ። ንጥዑም መግቢ ጥራይ ብዘይዕረፍቲ ከናድዩ ዝዉዕሉ ሰባት፣ ናይ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ጸገም የጋጥሞም እዩ። ድኹም ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ ድማ፣ ንሰብነትና ክሃሳዮ ይኽእል። ባህሪያት ናይ ሓደ ዝጾዉም ሰብ ኣዝዩ ክቡር እዩ። ብሕርቃን ገጹ በርበረ ኣይቅየርን፣ እኳ ደኣ ብህድኣት ገዛእ ርእሱ ብምግታእ፣ ንነገራት ሰጊሩ ይሓልፎም። ኣጠማምትኡ ህድኣት ዝመልኦ እዩ፣ ኣካይድኡ ዕቱብ፣ ዘረብኡ ዉሑድ፡ ልቡ ንጹህ እዩ፣ ብዘይተደልየ ሰሓቕ ዝድረኽ ዘይኰነስ፡ ብሓልዮት ዝቐርብ እዩ። ካብ ቀደም ጀሚሮም ዝነበሩ ቅዱሳን ዘኽርዎም፣ "ኣጐዛ ኣባጊዕን ዲኖ ኣጣልን ተኸዲኖም ዞሩ፡ ሰኣኑ፡ ጸበቦም፡ ሓሳረ መከራ ጸገቡ፡ ዓለም ንኣታቶም ዘይትበቅዕ ኰይናስ፡ኣብ በረኻታትን ኣብ ኣኽራንን ኣብ በዓትታትን ኣብ ጐዳጉድ ምድርን ኰለል በሉ።" /እብራ 11፡37-38/። ርስቲ እዞም ቅዱሳን ክትረኽብ እንድሕሪ ደሊኻ፣ ህይወቶም ሰዓቦ። ንኣልኣዛር ኣብ ሕቑፊ ኣብራሃም ከዕርፎ ዝኸኣለ እንታይ እዩ? /ሉቃ 16፡23/ ጾም`ዶ

---

[2] ሄዶን፡ ወይ ሄዶኒዝም፡ ወይ ሄዶንነት /hiedonism, or hedonist/ ዝብሃል ንሓጎስ ካብ ብልዒ፡ ዕንደራን ዝሙትን ክረኽብ ዝፍትን ዓለማዊ እምነት እዩ

[3] ማለት ዝጽወመሉን ዘይጽወመሉን ግዜ ብምፍላይ፣ ምቅይያር ከነተኣታትዉ ንኽእል

[4] ኣብ ግዜ ጾም ዝኾነ ይኹን ዓይነት መስተ ክትሰቲ ፍቑድ ኣይኰነን

[5] ምስ ሰኽራን ዘጋጥም ደርገፍገፍ

ኣይኰነን? ህይወት መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሓንስ ውን ብጾም ዝተሰነየ ነበረ /ማቴ 3፡4/። ዓራት፡ ጣዉላ፡ ዝሕረስ መሬት፡ መሕረሲ በዕራይ፡ ስርናይ፡ ወይ መጥሓኒ እኽሊ ኣይነበሮን፣ ዝኾነ ይኹን ዝዕንገለሉ መንገዲ ኣይነብሮን። ስለዚ ውን እዩ “ካብ ኣንስቲ ኻብ እተወለዱ ኻብ ዮሃንስ መጥመቕ ዚዐቢ ሓደ እኳ ኣይተንስኤን።” /ማቴ 11፡11/ ተባሂሉ ዝተመስከረሉ። ብዛዕባ ጾም፣ ካልእ ክንዝክሮ ንኽእል ውን ኣሎ፣ ቅዱስ ጳዉሎስ ዝተዛረቦ እዩ፣ ሓደ ካብቲ ናብ ሳልሳይ ሰማይ ዘብጽሖ ነገር ጾም እዩ /1ይ ቆሮ 11፡27, 12፡2/። ነቲ ዝተዛረብናዮ ክነጠቃልሎ። ጐይታና፣ ነቲ ምእንቲ ድሕነትና ኢሉ ዝተወሃሃዶ ስጋ ብጾም ኣቢሉ ምስ ኣጽንዖ፣ ገዛእ ርእሱ ንዲያብሎስ ፈተና ኣሕሊፋ ሃበ፤ ከምዚ ብምግባሩ ድማ፣ ንዓና ክልተ ነገር መሃረና፤ ቅብኣት ክህልወናን፡ ገዛእ ርእስና ድማ ብጾም ኣቢልና ንመንፈሳዊ ቃልሲ ክነዳልዉን ክነለማምዳን፣ ብጥሜት ኣቢልና ነቲ ፈታኒ ክንቃለሶ እዩ /ማቴ4፡2/። ማለት ነቲ ፈታኒ ብጥሜት ኣቢልና፣ ዕድል ብምሃብ፣ ኣንጻሩ ብምቃልስ ነፍስና ክነለማምድ እዩ። ብምልኣት መልኮቱ ዲያብሎስ ክቐርቦ ኣይምከኣለን፤ ኮይኑ ስጋና ስለዝለበሰ፣ ጾም ብዘስዓቦ ጥሜት ኣቢሉ፣ ገዛእ ርእሱ ንፈተና ዲያብሎስ ኣሕሊፉ ሃበ። ቅድሚ ናብ ሰማያት ምዕራጉ ድማ፣ እቲ ዝለበሶ ስጋ ሓቀኛ ምዃኑን፣ ኻብ ሞት ሒዝዎ ዝተንሰአ ስጋ ውን ኣማናዊ ምዃኑ ምእንቲ ክረድኣና፣ መግቢ ወሲዱ በልዐ። እምበኣር ሕጂ`ከ፣ ገዛእ ርእስካ ምስባሕን፡ ብስስዐ ምብላዕን`ዶ ኣይክተቋርጽን ኢኻ? ነቲ መድሓኒን ወይሃቢ ህይወትን ዝኾነ ትምህርቲ ሸለል ብምባልኻ`ዶ፣ ገዛእ ኣእምሮኻ ናብ ጥፍኣት ክትመርሐ ኢኻ? ዋላስ ኣብ ኩናት፣ እቲ ምስቲ ሓደ ወገን ኮይኑ ዝቃለስ ኣካል፣ ነቲ ኣንጻሩ ዘሎ ጸላኢኡ`ዶ ይስዕሮ ኣይኮነን? ስለዚ እቲ ምስ ስጋ ዝዉግን፣ ኣንጻር መንፈስ ይቃለስ፤ እቲ ምስ መንፈስ ዝዉግን ግና፣ ንስግኡ ኣብ ትሕቲ ነፍሱ የግዝእ። “ስጋ ነቲ ምስ መንፈስ ዚጻረር ይምነ፡ መንፈስውን ነቲ ምስ ስጋ ዚጻረር እዩ ዝምነ። ነቲ እትደልይዎ ምእንቲ ኸይትገብሩ፡ እዚኣቶም መጻርርቲ እዮም።” /ገላ 5፡17/። እምበኣር ንኣምሮኻ፣ ሓያል ክትገብራ እንድሕሪ ደሊኻ፣ ብጾም ኣቢልካ ንስጋኻ ቅጽዓያ። እቲ ሓዋርያ፣ ወጻኢ ሰብነትና እንተ በሰበሰ፡ እቲ ዉሽጥና ግና ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ ኣሎ፣ ዝበሎ ነዚ ከመልክተና ደልዩ እዩ /2ይ ቆሮ 4፡16/። “እምበኣርከ ምስ ዝደክም፣ ሽዑ እየ ዝብርትዕ” /2ይ ቆሮ 12፡10/። ነዚ ሓላፊ ብልዒ ንዒቅኻ፣ ነቲ ኣብ መንግስተ ሰማያት ዝረኸብ መኣዲ ብልዒ`ዶ ኣይምሓሸካን? እምበኣር ናብቲ መኣዲ ክትቕርበ እንድሕሪ ደሊኻ፣ ኣብዚ ምድሪ`ዚ ብምጿም ምድልዋትካ ግበር። ዋላስ ኣይትፈልጥን ዲኻ፣ እቲ ኣብዚ ምድሪ`ዚ ብትበልዖ መግቢ፣ ሓሳኹ ደሓር ምእንቲ ከሳቕዩኻ፣ ሰብነትኻ ተሰብሓ ከምዘለኻ? መኖም`ከ እዩ፣ ቀጻሊ በዓላት ብምግባርን፡ ጥዑም ብልዒ ብምምጋብን፣ መንፈሳዊ ጸጋ ዝተቐበለ? ሙሴ እኳ ባዕሉ፣ ሕጊ ምእንቲ ክቕበል፣ ክልተ ግዜ እዩ ጾይሙ /ዘጸ 34፡28/። ኣብታ ከተማ ዝነበሩ ኩሎም እንስሳታት ውን፣ ምስቲ ህዝቢ ነነዊ ሓቢሮም እንተዘይጾሙ ኔሮም፣ ካብቲ ዝመጽእ ቁጥዓ ኣይምደሓኑን /ዮና 3፡4-10/። ናይ መን ሬሳታት`ከ እዩ ኣብ በረኻታት ዝተረፈ? /እብራ 3፡17 ዘሁ 14፡29/ ናይቶም ስጋ ክበልዑ ናይ ዝደለዩ ሰባትዶ ኣይኰነን? /ዘሁ 11፡33/ ካብ ሰማይ ዝወረደ ማና እንዳተመገቡን፣ ካብ ከዉሒ ዝፈሰሰ ማይ ውን እዳሰተዩን፣ ዓጊቦም (ኣመስጊኖም) ክኣዕዙ እንከለዉ፤ ንግብጻዉያን ሰዓርዎም፡ ብማእከል ባሕሪ ውን ሓለውፉ፣ ኣብ ማእኸል ዓሌቶም ኸኣ ድኹም ኣይነበረን /መዝ 105፡37/። ደሓር ግና፣ ብፍትወቶም ንቁራዕ ስጋ ግብጺ ምን ናፈቑ፣ ናብታ ተስፋ ዝገብሩላ ምድሪ ኣይኣተዉን። እዚ ኣብነት`ዚ እከ ኣየፍርሐናን? ንሕና ውን፣ ካብታ ተስፋ እንገብሮ ዘለና ምእንቲ ከንተርፍ፣ ነዚ ናታቶም ናይ ሃርጎምጎም ጠባያት፣ ኣይንስዓቦ። ዋላ እቲ ጥበብኛ ዳንኤል እኳ፣ ነፍሱ ብጾም ኣቢሉ እንተ ዘይንጽሃ ኔሩ፣ ነቲ ራእይ ኣይምረኣንዩን። ካብ ጥዑም መግቢ ዝወጽእ፣ ልክዕ ከም ደመና ዝመስል ነገር ኣሎ፣ ዝሸፍን ነገር ኣሎ፤ እዚ ነገር`ዚ ኣእምሮና ብመንፈስ ቅዱስ ብርሀቲ ምእንቲ ከትኸዉን ድማ ይኽልክላ /ይሸፍና/። መግቢ ናይ መላኣኽቲ ውን እንታይ ይመስለኹም፣ “ሰብ ናይ መለእኽቲ እንጌራ በልዔ” ከም ዝተባህለ፣ እንጌራ ማለት ህብስቲ እዩ መግቦም /መዝ 78፡25/። ወይኒ፡ ወይ ስጋ ኣይበልዑን፣ እቶም ናይ ከብዶም ባሮት ዝኾኑ ሰባት ዘዘዉትርዎ፣ መግቢ ውን ኣይበልዑን። ጾም ኣንጻር ናይ ኣጋንንቲ ሰራዊት ዝቃለስ መሳርሒ እዩ፣ “እዚ ኸምዚ ዝበለ ዓሌት ብዘይ ብጸሎትን ብጾምን ኪወጽእ ኣይከኣልን እዩ፡” /ማር 9፡29/። ረብሓ ጾም ኣዝዩ ብዙሕ እዩ፣ ጽጋም ግና ናይ ስጋዊ ህርፋን መጀምርታ እዩ። ምቾት፡ ስኽራንን፡ ጥዑም ብልዒ ጥራይ ምብላዕን፣ ናብ ኣራዊታዊ ስጋዊ ድሌታት እዩ ዝመርሓና። ሰባት፣ ገዛእ ርእሶም ጥራይ ክርዉዩ እንከለዉ፣ ናብ ነፍሲ ዉዑይ ፍትወት የተኣታትዉ እሞ፣ ከም ዉዑያት ኣፍራስ ድማ ይኾኑ /ኤር 5፡8/። ካብ ናይ ስክራን መንፈስ ዝተበገሰ፣ ባህሪያዊ ነገራት ክጥፍኦም ይጅምር። ነቲ ናይ ኣዋልድ ኣብ ኣወዳት ይደልይዎ፣ ነቲ ናይ ኣወዳት ድማ ኣብ ናይ ኣዋልድ ይደልይዎ። ጾም ግና ንሰብ ሓዳር፣ ሚዛናዊ ኣካይዳ ትምህር፣ ዋላ ኣብቲ ቅዱስ ዝኾነ መዉስቦ፣ ገዛእ ርእስኻ ናይ ምግታእ ልምዲ ብምትእትታዉ፣ ክልቲኦም መጻምድቲ ብስምምዕ ካብ ስጋዊ ርክብ ብምርሓቅ፣ ከም ሓደ ኣካል ኮይኖም ናብ ጸሎት ከም ዝተግሁ ትገብር /1ይ ቆሮ 7፡5/።

ኮይኑ ግና፣ ንረብሓ ጾም፣ ካብ መግቢ ምኽልካል ጥራይ ጌርኩም፣ ኣይትተርጉምዎ። እቲ ሓቀኛ ጾም፣ ካብ እከይ ምርሓቅ እዩ፣ “ንማእሰር እከይ ምፍታሕ” /ኢሳ 58፡6/። ጎርቤትካ እንተ ኣቀየመካ፣ ሕደገሉ፣ በደሉ ይቕረ በለሉ፣ ብባእሲን ብጉስጢን ብክትዕን ኣይትጹሙ /ኢሳ 58፡4/። ስጋ ኣይበላዕካን ትኸዉን፣ ግና ስጋ ሓዉኻ ትግህጾ ኣለኻ። ወይኒ (መስተ) ኣይሰተኻን፣ ኮይኑ ንካልኦት ካብ ምጽራፍ ኣየዕረፍካን። ክሳብ ጸሓይ ትዓርብ፣ ከይበላዕካ ትጸንሕ፣ ኮይኑ ግና እዚ ኩሉ ግዜ ኣብ ቤተፍርዲ ክትካሰስ ተሕልፎ። ብወይኒ ዘይኰነስ፣ ብካልእ ሰኪርና ኣለና`ሞ፣ ወይሎና /ኢሳ 51፡21/። ከምቲ ወይኒ ንሓንጎልና ዘስክረና፣ ህርቃን ንነፍሲ ዘስኽራን ዘናዉጻን እዩ። ጓሂ ውን ንኣተሓሳስባና ብምሽፋን ዘስክረና እዩ። ፍርሒ፣ ንካልኦት ነገራት ክንጸልእ ብምግባር፣ ናብ ስኽራን ክመርሓና ውን ዝኽእል እዩ፣ መጽሓፍ ከም ዝበሎ፣ “ንህይወተይ ካብ ፍርሃት ጸላኢ ሐልዋ” /መዝ 64፡1/። ብሓፈሻ፣ ናይ ሓንጎል ምንዋጽን ምምዝባልን ዘስዕበልና ዝኾነ ይኹን ፍትወት፣ ስክራን ይበሃል። እቲ ብህርቃን ዝተለኽፈ ሰብ፣ በዚ ፍትወት እዚ ክንዲ ምንታይ ከምዝሰኸረ እንዳተኣመነ ክጽሊይ ይግባእ። ሓራቕ ሰብ፣ ንነብሱ ኣይፈልጣን፣ ገዛእ ርእሱ ኣይገትእን፣ ኣብ ጥቕኡ ንዘለዉ ሰባት ውን ኣየለልይን። ከም ኣብ ዉሽጢ ጸልማት ዝግበር ኩናት፣ ምስ ኩሉ ይጋራጨዉ፣ ንኩላቶም ውን የጥቅዖም። ብዘይ ኣደብ ይዛረብ፣ ይህድድ፡ ኢዱ ዓሙኹ ጣዉላ ይዱግዱግ፣ የፈራርሕ፣ ይምሕል፣ ቅጥዕ (ኣፓፕለክቲካዊ ይኸዉን) ውን እዩ። ካብ ከምዚ ዓይነት ስኽራን

ረሓቐ፣ ካብ ወይኒ ዝመጽእ ስኽራን ዉን ኣይትቐበል። ነቲ ጾም ማይ ጥራሕ ብምስታይ የሕሊፍካዮ ከተብቅዕ[6]፣ ደሓር ግና፣ ድሕሪ ቅነ ጾም ኣብዚሕካ ወይኒ ክትሰቲ ኣይግብኣካን። ብስኽራን ንጾም ኣይትጀምር። ነስተዉዕል፣ ብስስዐ ዉን ጽድቂ ኣይክርከብን፣ ብስጋዊ ፍትወት ዉን ገዛእ ርእስኻ ክትገትእ ኣይከኣልን፣ ብናይ እከይ ግብሪዉን ስነ ምግባር ኣይጥረይን። ኣፍደገ ጾም ፍሉይ እዩ። ስኽራን ናብ ሕሉፍ ስጋዊ ፍትወት፣ ምቁጣብ ዉን ናብ ጾም ክመርሓን ይኽእል። ሓደ ስፖርተኛ (ኣትሌት) ቅድሚ ቅድድም ልምምድ ይገብር፣ ጸዋማይ ሰብ ዉን ቅድሚ ጾም ምጅማሩ፣ ካብ መግቢ ናይ ምኽልካል ልምምድ ክገብር ኣለዎ። ነተን ጾም እትጾመን ሓሙሽተ መዓልቲ[7]፣ መከሓሓሲ ክኾናኻ፣ ወይ ድማ ነቲ ወሃባይ ሕጊ ዝኾነ ኣምላኽ ምእንቲ ክትብለጸሉ ኢልካ፣ ቅድሚ ጾም ምጅማርካ መስተ ኣብዚሕካ ብምስታይ ገዛእ ርእስ ኣይተርዉይ። ከምዚ እንድሕሪ ጌርካ፣ ስጋኻ ብከንቲ ኢኻ ዝቀጻዕካ፣ ናይ ጾምካ ዓስቢ ዉን ኣይክትረኽብን[8]። እቲ መቅድሒ ኣቅሓኻ ኣይጥዑይን፣ ማለት ብዝነኮለ ሸሓኒ ማይ ምቅዳሕ ማለት እዩ። ወይኒ ኣብ ሰብነትካ፣ መንገዲ ረኺቡ ክመላለስ እንከሎ፣ ሓጢኣት ድማ ኣብ ዉሸጥኻ ይተርፍ ኣሎ። ሓደ፣ ጐይትኡ ዝሃርሞ ባርያ፣ ካብቲ ጐይትኡ`ቲ ይሃድም እዩ። ንስኻ ግና ወይኒ ርእሲ ርእስኻ እንዳጸፍዓካ ክነሱ፣ ምስኡ ልሕግ ኢልካ ትቕጽል ኣለካ። ስጋዊ ድሌታት ወይኒ ይጠልብ እዩ። ካብቲ ዝግብኣኻ መጠን ዝያዳ ምስ እትሰቲ ድማ፣ ንግሆ ምስ ተንሳእኻ፣ ርእስኻ ትሓምም፡ ድንዙዝን ድኹምን ትኸዉን፣ ካብቲ ብርቱዕ ዝጨንኡ ወይኒ ዉን፣ ኣፍኻ ሕማቕ ጨና ይሕዝ። ኲሉ ነገር ዝዘዉርን፣ ኲሉ ነገር ዝንቀሳቐስን እዩ ዝመስለኻ። ስኽራን፣ ልክዕ ንሞት ዓርኩ ዝመስል ብርቱዕ ድቃስ ጥራይ ኣይኮነን ዘምጽእ፣ ንቁሕ ክነስኻ ዉን ኣብ ሕልሚ ዘለኻ ኮይኑ ከምዝስመዓኻ ይገብር እዩ።

እምበኣር ንመን ኢኻ ክትቕበል?[9] “(ኣነን ኣቦን) ናብኡዉን ንመጽእ ኣብኡ ኸኣ ማሕደር ክንገብር ኢና” /ዮሃ 14፥23/ ኢሉ ቃል ዝሃበልና መን ድዩ? ስለምንታይ ደኣ ኢካ፣ ነቲ ናብ ዉሸጢኻ ክኣቱ ዝደለየ ጐይታ፣ ብስኽራን ዓጊትካ ምእታዉ እትኽልክሎ? ስለምንታይ ነቲ ጸላኢ ኣብ ዉሽጢኻ ዕርዲ ክሕዝ ተገብሮ? ሰኽራም ንጐይታ ኣይቅበልን፣ ስኽራን ንመንፈስ ቅዱስ የርሕቖ እዩ። ከምቲ ትኪ ንንህቢ ዘህድሞ፣ ስኽራን ዉን ንመንፈሳዊ ዉህብቶታት የርሕቖ። ጾም ናይ ሓንቲ ከተማ ግርማ፣ ናይ ዕዳጋ ህድኣት፣ ናይ ገዛ ሰላም፣ ናይ ሃብቲና ሓለዋ እያ። ክብሪ ጾም ክትሪ ትደሊ ዲኻ? ሎሚ ምሸት ጸልይ፣ ሸዑ ምስቲ ናይ ጽባሕ ምሸት እትጽልዮ፣ ኣወዳድሮ። ሓደ ነገር ክትርኢ ኢኻ፣ እታ ህዉከት መሊእዋ እትርበሽ ከተማ፣ ናብ ሰላም ዝመልኣ ስፍራ ኮይና ክትቅየር እያ።

እታ መዓልቲ እቲኣ ብክብረታ ንጽባሕ ክትመስል ይምነየልኩም፤ እታ ጽባሕ ድማ፣ ነዚ ናይ ሎምዓንቲ ፍስሃኩም ዕጽፊ ትግበረልኩም። እቲ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ናይዛ ዓመት፣ ዝሓለወና እግዚኣብሔር ኣምላኽ፣ ከም ተወዳደርቲ፣ ንኹሉ ብጽንዓትን ብተወፋይነትን ብምቃልስ፣ ናብ መዓልቲ ጐይታ ክንበጽሕን፣ ኣብኡ ድማ ኣክሊል ህይወት ክንቕበልን፣ በዚ ዉን ናይ ክርስቶስ ሕማማት ምእንቲ ክንዝክርን፣ ክርስቶስ ንፍርዲ ኣብ ዝመጽኣሉ ግዜ ድማ፣ ጻማ ሰናይ ግብሪና ክንፍደይን፣ የብቅዓና። ንመድሓኒና ንክርስቶስ ንዘለኣለም ኣለም፣ ምስጋና ይኹኖ። ኣሜን።

## ቅዱስ ዮሃንስ ኣፈወርቅ

ጾም መድሃኒት እዩ። መድሃኒት ፣ ብኣገባብ ንዝተጠቕመሉ ሰባት ብዙሕ ረብሓ ዝህብ፣ በንጻሩ ኣብ ኢድ እቶም ኣጠቃቅሙኡ ዘይፈልጡ፡ ተሞክሮ ዝጎድሎም ሰባት ግን፣ ጥቕሚ ዘይብሉ ነገር እዩ። ሓደ መድሃኒት ዝወስድ ሰብ፣ ሰዓት ክንደይ ክወስዶ ኣለዎ፣ ክንዲ ምንታይ ዓቐን፣ ኣካላትኻ እንታይ ዓይነት ምልክታት ምስዘርእይ] ዩ እዚ መድሃኒት ዝዉሰድ፣ ኣብ ከመይ ዝበለ ወቕቲን ኩነታት ኣየርን እዩ ዝዉሰድ፣ ወዘተ ዝኣመሰሉ ነጥቢታት ብግቡእ ክርዳእ ኣለዎ። እዘን ነጥቢታት ተጎስየን ብሸለልተኝነት ምስ ዝሕለፋ ግና፣ እቲ መድሃኒት ካብ ዝህቦ ረብሓ ዝያዳ ሃስይኡ ክበዝሕ ይኽእል። እምበኣር ንስጋዊ ኣካላትኻ ክትፍዉሳ ክንድዚ ዝኣኽል ጥንቃቐ ዘድሊ ካብ ኾነ፣ ንነፍሲ ካብቲ ዘለዎ ሕማቕ ልምዲታትን ሓሳባትን ክትፍዉሳ፣ ንኹሉ ሸነኻቱ ምምርማርን፣ ንነፍሲ ወከፍ ብዕምቈትን ምስትዉዓልን ምግንዛል የድሊ።
ጾም ክበሃል እንከሎ ንኲሉ መዳያት ህይወትኻ ምቕያር እዩ፣ ኣብ ጾም እተቕርቦ መስዋእቲ፣ ብልዒ ምግዳፍ ዘይኮነሲ፣ ካብ ሓጢኣት ምርሓቅ እዩ። እቲ ጾም ክበሃል ከሎ፣ ብዛዕባ መግቢ ጥራይ ዝመስሎ ሰብ፣ ንጾም ዘይተረድኦን፣ ኣብ ልዕሊ ጾም ዉን ዘላግጽን ዘሸካዕልልን እዩ።

ትጽዉሙ ዲኻ/ኺ?
ጾምካ ብግብሪ ኣርእየኒ (ኣርእይኒ)።
ኣየናይ ግብሪ?

ድኻ እንድሕሪ ርኢኻ ራህርሃሉ፣ ጸላኢኻ እንድሕሪ ረኺብካዮ ተዓረቆ፣ ብኲሉ ህይወቱ ዝተኻወነሉ ዝሓለፈሉንን ዝሰለጦን ብጻይኻ እንድሕሪ ርኢኻ ብዛዕብኡ ኣይትቅናእ፣ ኣብ መንገዲ ጽብቕቲ ጓል እንድሕሪ ርኢኻ ሱቕ ኢልካ ሕለፉ።

---

[6] ኣብ ስርዓት ጾም ናይ ቤተክርስቲያን፣ ኣብ ግዜ ጾም ዝኾነ ዓይነት መስተ ምስታይ ኣይፍቐድን
[7] ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ጥራይ እዩ ዝጽወም፣ ኣብ ቀዳምን ሰንበትን ኣይንጸዉምን፣ ማለት ኣይነራፍድን፣ ካብ ጥሉል መግቢ ግና ንርሕቅ ኢና።
[8] ጾም ቅድሚ ምጅማሩ፣ ወይ ድማ ኣብ ቀዳመ ሰንበት ናይ ጾም፣ ብዝሒ መስተ ብምስታይ ነሕልፎ እንድሕሪ ኮይንና፣ እቲ መስተ ነቲ መንፈሳዊ ተወፋይነትና ስለዘዳኽሞ፣ ኣብ ግዜ ጾም ክንገብሮ ዝግብኣና፣ ጸሎት ዉን ከይንገብር ይዕንቅጸና። ብኽምዚ ዉን ናይ ጻማና መንፈሳዊ በረኸት ክንረኽብ ኣይንኽእልን።
[9] ስግኡን ደሙን

ብካልእ ኣዘራርባ፣ ኣብ ጾም ኣፍካ ጥራይ ኣይኮነን ክጸዉም ዘለዎ፣ እንታይ ደኣ፤ ዓይኒ ትጹም፥ ኢድን እግሪን ይጹማ፥ ኩሉ ኣካላት ሰብነት ይጹም።

ኢድ ትጹም፣ ብስሰዐ ዘይናታ ከብ ምድላይን፣ ካብ ስርቂን ትጹም። እግሪ ዉን ትጹም፣ ሕማቅ ነገር ናብ ምርኣይ ዝመርሕ መንገዲ ኣይትኺድ። ዓይኒ ዉን ንናይ ካልኦት ሰባት መልክዕን፣ ቁንጅና ገጻት ካብ ምርኣይን፣ ትጹም።

ስጋ ምብላዕ`ዶ ሓዲግካ ኣለኻ? እምበኣር ኣቶኪርካ ብዝሙታዊ መንገዲ እንዳጠመትኻ ብዓይንኻ ጌርካ ስጋ ሰብ ካብ ምብላዕ ዉን ኣቋርጽ። እዝኒኻ ዉን ትጹም። ብዛዕባ ካልኦት ሕማቅ ዘረባ ካብ ምስማዕን፣ ሓሜትን፣ እከይ ዘረባ ካብ ምቕባልን፣ እዝኒኻ ትጹም።

ኣፍኻ ዉን ጸጋ ዘይብሉን፣ ጸርፊታትን ሕማቅ ዘረባ ካብ ምዉጻእን ትጹም። ዓሳን ዶርሆን ካብ ምብላዕ ጾይምኻ ከተብቕዕ፣ ስጋ ሓዉኻ ትበልዕን ትሕይኽን እንድሕሪ ኮይንካ ደኣ፣ እንታይ ረብሓ ኣለዎ? እቲ ዝጸርፍን፣ ዝፈርድን፣ ከምቲ ስጋ ሓዉ ዝበልዐን፣ ስጋ ደቂ ሰባትዉን ዝዘልዘልን እዩ። *"ንሓድሕድኩም እንተ ተናኸስኩምን ተባላዕኩምን ግና፥ ንሓድሕድኩም ከይትጣፍኡ ተጠንቀቑ።"* ብምባል ቅ.ጳዉሎስ ዘጠንቀቐና ዉን ነዚ ከመልክት ደልዩ እዩ /ገላ 5፥15/።

ምናልባት ኣብ ስጋ ብጻይኻን ጎረቤትኻን ስንኻ ኣይተኸልካን ትኸዉን፣ ኮይኑ ግና ሕማቅ ዘረባ ብምዝራብ ኣብ ነፍሱ ነኺስካዮን ኣቁሲልካዮን ኢኻ። ከምዚ ብምግባርኻ ድማ፣ ኣብ ልዕሌኻ፣ ኣብ ልዕሊ ብጻይኻን ኣብ ካልኦትን፣ ክግመት ዘይኽእል ዉርደትን ሃስያ ኣዉሪድካ ኣለኻ።

ፍቑራተይ፣ ምናልባት ጥዕና ጸገም ስለዘለኹም ሙሉእ መዓልቲ ክትጾሙ እንድሕሪ ዘይኪኢልኩም፣ ማንም ሚዛናዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ኣይክወቕሰኩምን።

እቲ ንሕና እንኣምኖ ጐይታ ትሑትን መፍቀሪ ሰብን እዩ፣ ልዕሊ ዓቕምና ዝኾነ ነገር ዘይሓትት ርህሩህ እዩ። ካብ መግቢ ክትኽልከል፣ ወይ ድማ ጥሙይ ከብድና ክንዉዕል፣ ወይ ዉን ስለ ጾም ጥራይ ኢልን ክትጸዉም፣ ኣይኮነን ንሱ ዝደልይ። ንሱ ካባና ዝደለዮ፣ ገዛእ ነፍሲና ካብ ዓለማዊ ፍትወት ኣርሒቕና ናብ መንፈሳዊ ነገራት ምእንቲ ክንዉፊ እዩ።

ንቁሓት ኰይንና ገዛእ ርእስና ብምቁጽጻርን፣ ኩሉ`ቲ ድሌትናን ሓሳብትናን ናብ መንፈሳዊ ነገራት ብምድሃብ፣ ንዕለት ተድልየና ጥራይ ብምብላዕ ዝተረፈ ግና ህይወትና ብሙሉኡ ንሰናይ ግብሪ እንድሕሪ ወፊና፣ ብሓቂ ጾም ባዕሉ ኣይመድልየናን፣ ምኽንያቱ ኩሉ`ቲ ጾም ትህቦ ክንረኽቦ ስለዝኾንና።

ኮይኑ ግና ንሕና ደቂ ሰባት ዘይግዱሳትን፣ ላንጋ ላንጋ ኢና፣ ንፍትወትን ምቾትን ቀልጢፍና እንግዛእ ድኹማት ኢና። ስለዚ ዉን እዩ መፍቀሬ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ፍቃርን ሓላይን ኣቦ ስለዝኾነ፣ ጾም ፈዉሲ ምእንቲ ክኾነና ኣዘዘልና። ብጾም ኣቢልና ድማ እቲ ፍትወትናን ስጋዊ ድሌትናን ገቲእና፣ ዓለማዊ ሓሳብና ናብ መንፈሳዊ ግብሪ ከነሰጋግሮ ንኽእል። ስለዚ ካብዞም ኣብዚ ተኣኺብኩም ዘሎኹም ሰባት፣ ብሰንኪ`ቲ ዘለኹም ጥዕናዊ ጸገም ብዘይ መግቢ ክትጸንሑ ዘይትኽእሉ እንድሕሪ ኮይኑኩም፣ ነዚ ጥዕናዊ ጸገምኩም ፈዉስዎ፣ ጾም ዉን ይጽንሓልኩም፣ ኮይኑ ግና ከብ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኣይትርሓቁ፣ እኳ ደኣ ብዝያዳ ኣብኡ ተገደሱ።

ጾም ጥራይ ኣይኮነን ናብ ኣምላኽ ዘቕርበና። ካብ ብልዒ ምኽልካል ዝበለጹ፣ ካልእ ብዙሕ ናብ እግዚኣብሔር ብተብዓት ከብጽሑና ዝክእሉ መንገዲታት ኣለዉ። ስለዚ እቲ ብሰንኪ ጥዕናዊ ጸገም ተገዲዱ ዝበልዕ ሰብ ማለት ዘይጸዉም ሰብ፤ ብዝያዳ ይጸልዩ፥ ብዙህ ምጽዋት ብምሃብ ንድኻታት ይርዳእ፥ መለኮታዊ ቃል (ቃል መጽሓፍ ቅዱስ) ክሰምዕ ዉን ብዙሕ ሃረር ይበል። ከምዚ ብምግባርና ድማ እቲ ጥዕናዊ ጸገም መዐንቀፊ ወይ ዉን ዓንቃጺ ነገር ኣይኽከዉንን። ገዛእ ርእሱ ምስ ጸላእቱ ይዕረቃ፣ ካብ ምምራርን ምጉርምራምን ነፍሱዉን የርሕቃ። ብሓቂ ከምዚ እንድሕሪ ጌሩ፣ እዚ ሰብ`ዚ ሓቀኛ ጾም ጾይሙ ኣሎ ማለት እዩ።

ጐይታ ዉን ካባና ዝደልዮ ነዚ`ዩ። ካብ ብልዒ ክንክልከል ዝኣዘዘና፣ ብጾም ኣቢልና ንናይ ስጋ ዕንደራ መዕገቲ ብምግባር፣ ስጋና ንትእዛዝ ኣምላኽ ከም ትግዛእ ንምግባር እዩ። ብሰንኪ`ቲ ጥዕናዊ ጸገም ዘስዓቦ ምኽንያት፣ ክንጸዉም ኣይከኣልናን ንኸዉን፣ ኮይኑ ግና ገዛእ ርእስና ብምድላዉ፣ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ ነገራት ክንገብር ዘይንግደስ እንድሕሪ ኮይንና፤ ሚዛኑ ኣብ ዘይሓለወ መንገዲ ኣለና ማለት`ዩ። ምኽንያቱ ብጾም ኣቢልና ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽንናዮ ነገራት (ማለት ገዛእ ርእስኻ ናይ ምግታእ ባህሪ) ከነጥሪ እንድሕሪ ዘይክኢልና፤ ንሕና ከምቶም ብዘይተገዳስነቶም፥ መድሃኒት ናይ ጾም ክጥቀሙሉ ዘይከኣሉ ሰባት ኢና። እዚ ነገር ካባና ካብ ሰማዕኩሞ፣ እምበኣር ኣንቱም ክትጾሙ እትኽእሉ ኩሉኹም፣ ምስጋና ዘብዝሕ ድሌታትን ሰናይ ብህሪያትን ከተጥርዩን፣ ብትኽሩነት ክትቃለሱን፣ እላበወኩም።

እቲ ብሰንኪ ጥዕናዊ ጸገም ክጸዉም ዘይኽእል፣ ነዚ መንፈሳዊ መግቢ ምእንቲ ከይሓድግ ኣተባብዕዎ። ነቲ ኣብዚ ንብሎ ዘለና ድማ ናብ ከምዚ ዝበለ ሰብ ኣሰጋግርዎ። እቲ ብመጠኑ ዝበልዕ ዘይኮነሲ፤ እቲ ዘይግዱስን ዝሕቱልን ዝኾነ ጥራይ እዩ፣ ነዚ ቃል ክሰምዕ ዘይበቅዕ፣ በልዎ።

ብተብዓትን ብግህዶን ድማ ከምዚ ኢልኩም ንገርዎም፤ *"እቲ ዝበልዕ ንክብሪ ኣምላኽ ይበልዕ፣ እዚ ዘየበልዕ ድማ ንክብሪ ኣምላኽ ኣይበልዕን፣ በዚ ዉን ንኣምላኽ የስምሮ እዩ"*። / እምብኣርሲ እንተ በላዕኩም፥ ወይስ እንተ ሰቴኹም፥ ወይስ ዝኾነ

ይኹን እንተ ገበርኩም፡ ኩሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ግበርዎ።/ 1ይ ቆሮ 10፥31። እቲ ዝጸዉም ንኣምላኽ የኽብሮ እዩ፣ ምክንያቱ ንኹሉ ድኻማት ጾም ይጻወር ስለዘሎ። እቲ ዝበልዕ ዉን ንኣምላኽ የኽብሮ እዩ፣ ምኽንያቱ እዚ ነገር ንድሕነት ነፍሲ ስለዘይሃሲ። ንድሕነት ነፍሲ ከዋርዳ ዝኽእል ባዕሉ ምስዝፈቕድ ጥራይ እዩ። መፍቀሬ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ኣምላኽና፣ እንድሕሪ ደሊና፡ ኣብቲ ናቱ ሓይሉ ክንሳተፈሉ ዘኽእለና ብዙሕ መንፈሳዊ መንገዲታት ነጊሩና ኣሎ። ኣብዚ ክንዝርዝሮም ኣይከኣልን።

ነቶም ኣብ ጾም ዘየለዉ፣ ምእንቲ ሕፍረት ከይስምዖም ብምባል፣ እኹል ተዛሪብና ኣለና። ምኽንያቱ እቶም ዘይጾሙ ሰባት ነዉሪ ዝገበሩ ኮይኑ ክስምዖም የብሎምን፣ ነዉሪ ዘምጽእ ሕማቕ ግብሪ ደኣ እምበር፣ ብልዒ ኣይኮነን።

ሓጢኣት እዩ እቲ ዝዓበየ ነዉሪ። ሓጢኣት እንድሕሪ ጌርና ሕፍረት ጥራይ ዘይኮነ ክስመዓና ዘለዎ፣ እኳ ደኣ ከምቶም ቁስሊ ዘለዎም ሰባት ዝሸፈንዎ ንሕና ዉን ክንሸፈን ይግባእ። ዋላ ከምኡ ኮይንና ግና፣ ክንሃድም የብልናን፣ እንታይ ደኣ ተቐላጢፍና ናብ ንስሓን ምስጋናን ክንምለስ ይግባእ። ጐይታ፣ ነቲ ብሸለልተኝነት ዝፈጸምናዮ ሓጢኣት ቀልጢፍና ክንናዘዝን፣ ዳግማይ ኣብቲ ሓጢኣት ከይንወድቕን፣ ብኡ ንብኡ ከነቋርጾን፣ እዩ ዝደሊ።

ብመጠን ንበልዕ እንድሕሪ ኮይንና፣ በዚ ክንሓፍር ኣይግባእን። ምኽንያቱ ፈጣሪና ብብልዒ እትድገፍ ኣካላት እዩ ዝሃበና፣ ብዘይብልዒ ድማ ደዉ ክትብል ኣይትኽእልን። ጥራይ ብዙሕ ካብ ምብላዕ ንቆጠብ፣ እዚ ንስጋዊ ምቾትን ጥዕናን መርኣያ ስለዝኾነ።

እምበኣር ነቲ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፣ ብኣቦን መንፈስ ቅዱስን፣ ዝተዋህበና ተስፋ ሰናይ ነገራት ምእንቲ ክንወርስ፣ ንኹሉ ናብ ጥፍኣት ዘብጽሕ ዕብዳን ካባና ነርሕቕ። ኣሜን !

## ቅዱስ ኣግናጥዮስ ናይ ብራይንኮኒኖቭ /Ignatius Brianchaninov/

ርእሲ መንፈሳዊ ህይወት **ጸሎት** እያ፣ መሰረታ ኸኣ **ጾም**። ጾም ማለት ንኣጠቃቅማ ብልዒና ብጥንቃቐ እንድመርመርን ኣመጋግባና ሚዛናዊ ምግባር እዩ። ኣታ ዕቡይ ሰብ! ሙሉዕ መዓልቲ ኣብ ከብድኻ ጥራይ እንዳተመርኮስካ'ሲ፣ ንገዛእ ርእስኻ ድማ ከም ሓደ ዓቢ ሰብ ጌርካ ትሓስባ። ሕጊ ጾም፣ ዋላኳ ብግዳማዊ ትሕዝትኡ ንከብዲ ጥራይ ዝምልከት እንተመሰለ፣ ብመሰረቱ ግና ናይ ኣእምሮ /ሕልና/ ሕጊ እዩ።

ኣእምሮና፣ ንኩሉትናና ዝቆጻጸር ኣካል እዩ። ሙሉእ ሓይሊ ሃልዱዎ፣ ብነጻነትን ብሙሉእ ፍቓድ ክመርሓና እንድሕሪ ደሊና ድማ፣ ንሕጊ ጾም ክነግዝኦ ይግባእ። ሽዑ ኩሉ ግዜ ንቑሕን ጥንቁቅን ኮይኑ፣ ንድሌታት ልብናን ስጋናን ክቆጻጸር ይኽእል። ኣእምሮና ድማ ኩሉ ግዜ ንቁሕን፡ ጥንቁቕን እንድሕሪ ኮይኑ ንሕጊ ወንጌል ተማሂሩ ክስዕቦ ይጅምር። ስለዚ ናይ መንፈሳዊ ህይወት መሰረቱ **ጾም** እዩ።

እቲ ንመጀመርያ ግዜ ዝተፈጥረ ሰብ፣ ኣብ ገነት ክነብር እንከሎ፣ ሓንቲ ሕጊ ጥራይ ተዋሂባቶ፣ ናይ ጾም ሕጊ ጥራይ። ነቲ ሽዑ ዝነበረ ሰብ እዛ ሓንቲ ሕጊ ጥራይ እኽልቲ ነበረት፣ ምኽንያቱ ናይዚ ሰብ ንጽህና ብዛ ሓንቲ ሕጊ ጥራይ ክትዕቀብ ትኽእል ነበረት።

እቲ ሕጊ ናይ ብልዒ ዓቀን ጥራይ ዘይኮነሲ፣ ናይ ዓቀንን ናይ ዓይነት ዉን እዩ። ኣብ ግዜ ጾም ንዓቀን ንምገቦ ብልዒ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንዓይነቱ ዉን ክንቆጻጸሮ ይግባእ። እቶም፣ ኣብ ግዜ ጾም ዓይነት ዝምገብዎ ከይፈለዩ ኣብ ዓቀን ጥራይ ዝግደሱ፣ ንጾም ብዛዕባ ዓቀን መግቢ ጥራይ ጌሮም ዝሓስብ ሰባት ሱኞ ክብሉ ይግባእ። ምኽንያቱ እዞም ሰባት እዚኦም ንኹሉ ግብራዊን መሰረታዊን ሕጊታት ጾም ጽቡቕ ጌሮም እንድሕሪ መርሚሮሞ፣ ነዚ ሓቂ'ዚ ክረኽብዎ እዮም።

እቲ ብእግዚአብሔር ኣብ ገነት ዝተኣወጀ ጾም፣ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝነበረ፣ ነቲ ሕጊ ክእዉጆ እንከሎ፣ እንኮላይ እቲ ሕጊ ምስ ዝጥሕስ ዝስዕብ መቅጻዕቲ ዉን እዩ ነጊሩና። ሓደ ካብቲ መቅጻዕቲ ዘለኣለማዊ ሞት እዩ።

ሕጂ ዉን ኣብ ዘመንና፣ ነቶም ቅዱስ ዝኾነ ሕጊ ጾም ዝስዕሩ ሰባት ናይ ሓጢኣት ሞት ይገዝኦም ኣሎ። እቲ ኣብ ኣመጋግብኡ ጥንቁቅ ዘይኮነ፣ ንብልዒ ዉን ብሚዛናዊ ኣካይዳ ዘይቀቀርቦ ሰብ፣ ንጽህንኡን ድንግልንኡን ኣይሕልውን፣ ሕርቃኑ ዉን ኣይቆጻጸሩን፣ ጓሂ፡ ስንፍናን ተስፋ ሙቕራጽን ዝኣመሰሉ ስምዒት የጥቅዕዎ። ጣዕሚ ወይ ምቾት ብምፍታዉን፡ ብዝሒ ብልዒ ብምዝዉታርን፣ ፍትወት ዝዓብለሎ ስጋዊ ሰብ ይኸዉን። ብሰንኪ እዚ ፍትወት'ዚ ድማ፣ ልቢ ናይ ከምዚ ዝበለ ሰብ፣ ናይ ከንቱ ዉዳሴን ትዕቢትን ማህደር ትኸዉን።

ሓደ ክንፈልጦ ዝግባእ ነገር ኣሎ፣ ንሱ ድማ፣ ሕጊ ጾም ዳግማይ ብወንጌል ተሓዲሱን ጸኒዑን እዩ። ጐይታ “ስስዔን (ብዝሒ ብልዒ) ስኽራንን ሓልዮት ሓዳርን ንልብኹም ከይኸብድ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ብድንገት ከይትመጻኩምሲ፡ ንነፍስኹም ተጠንቀቑ።” ይብለና /ሉቃ 24፡31/።

ብዝሒ ብልዒን ስኽራንን ኣብ ሰብነትና ዝፍጣጠን ምክሳዕን ጥራይ ዘይኮነ ዘስዕበልና፣ እንኮላይ ንኣእምሮናን ንልብናን ውን ይጸልዎ እዩ። እዚ ማለት ብስጋን ብነፍስን ናብ ብፍትወት ዝተወርሰ ስጋዊ ሰብ ይገብሩና።

በንጻሩ ጾም፣ ንሓደ ክርስቲያን ናብ መንፈሳዊ ህይወት ይመርሖ። እቲ ብጾም ነፍሱ ዘንጽህ ሰብ፣ ብመንፈሱ ትሑት፡ ቅዱስ፡ ልዙብ፡ ስቕ በሃላይን፡ እዱብን እዩ። ሰብነቱ ዝፎኽሰሉ፡ ልቡን ነፍሱን ድማ ዝተጻረያ ስለዝኾና፣ ንመንፈሳዊ ዕዮን መንፈሳዊ ኣስተንትኖን (contemplation) ድሉው እዩ፣ በዚ ውን መለኮታዊ ጸጋ ይበዝሓሉ።

እቲ ስጋዊ ሰብ ኣብ ፍትወት ሓጢኣት ፍጹም ዝጠሓለ እዩ። ብስግኡ፡ ብልቡን ብኣእምርኡን ስጋዊ እዩ። መንፈሳዊ ሓጎስ ከስተማቕርን፣ መለኮታዊ ጸጋ ክቕበልን ኣይኽእልን፣ ንመንፈሳዊ ዕዮ ውን ኣይግደስን። ኣብ ምድራዊ ነገር ጥራይ ዝተሰመረን፣ ኣብ ንብረት እዛ ዓለም ጥራይ ዝተኣስረን ስለዝኾነ፣ ዋላ'ኳ ብስጋ ህይወት ይሃልዎ ብመንፈሱ ግና ምዉት እዩ።

“ኣቱም ጽጉባት፡ ክትጠምዩ ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም” ሉቃ 6፡25

እምበኣር ነቶም ቅዱስ ዝኾነ ሕጊ ጾም ዝስዕሩ ሰባት፣ ካብ ኣምላኽ ነመሓላልፈሎም መልእኽቲ እዚ እዩ። *ኣብዚ ምድሪ ክትነብር እንከለኻ፣ በቲ ኣብ ሰማያት ዘይርከቡ ነገራት ማለት ብብልዒን ፍትወት ሃብትን፤ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ ኣብ ምዕጋብ እንድሕሪ የሕሊፍካዮ ደኣ፣ ከመይ ጌርካ ኢኻ ኣብ ሰማያት ገዛእ ርእስኻ ክትምግባ፧? ንጣዕሚ ሰማያዊ ህይወት እንድሕሪ ዘየስተማቐካዮ ደኣ፣ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ (ዘለኣለማዊ ህይወት ምስ ወረስካ) እንታይ ክትምገብ ኢኻ፧? ኣብ ምድሪ ክትነብር እንከሎኻ ንሰማያዊ ህይወት፣ ከተስተማቕሮ ድሌታትን ህንጡይነትን እንድሕሪ ዘይብልካ ደኣ፤ ከመይ ጌርካ ብሰማያዊ መግቢ ክትሕጎስ፧?*

ናይ ሓደ ክርስቲያና ናይ ዕለታዊ መግቡ፣ ክርስቶስ እዩ። በዚ ህብስቲ'ዚ ነፍስና ክነጽግባን ክንምግባን ይግባእ፣ ኩልና ክርስቲያናት በዚ ነገር ክንመልእ ውን እዩ፡ ተዓዲምና ዘለና። ስለዚ ብቃል ኣምላኽ ነፍስና ንምልኣያ፣ ሕጊ ክርስቶስ ብምትግባር ነፍስና ንምልኣያ። “ኣብ ቅድሚ ጸላእትና” ተሰሪዑልና ብዘሎ ብመኣዲን፣ “መሊኡ” ብዘሎ ጽዋእና፣ ነፍስና ክንጸግብ ኣለና /መዝ 23፡5/።

ቅድስ መቃርዮስ ዓቢ ከምዚ ይብል፣ “ንሕና እቶም ንልብና ኣናዲናዮ ዘይንፈልጥ፡ ኣበይ ኢና ክንጅምር? እምበኣር ከምቲ ጐይታ ዝኣዘዘና፣ “ኳሕኩሑ ክኽፈተልኩም እዩ” እሞ ዝብል፣ ንሕና ውን ኣብ ደገ ደዉ ኢልና ብጸሎትን ብጾምን ንኳሕኹሕ።”/ማቴ 7፡7/

እዚ ክንዛረቦ ዝጸናሕና ነፍስኻ ናይ ምንጻህ መስርሕ፣ ብዓበይቲ መማህራን መነኮሳት ዝተነግረና እኳ እንተኾነ፣ ብመሰረቱ ግና ካብ ሓዋርያት ዝተበገሰ እዩ። ንሳቶም እዞም ሓዋርያት ገና ክጾሙ እንከለዉ፣ ቃል መንፈስ ቅዱስ ክሰምዑ ዝበቕዑ እዮም።

«እዚኣቶም ንእግዚኣብሄር ኬገልግሉን ኪጸሙን ከለዉ ኸኣ» ይብል ጸሓፊ ናይ ግብረ ሓዋርያት ቅዱስ ሉቃስ «*መንፈስ ቅዱስ፡ 'በርናባስን ሳውልን ነቲ ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ'* በሎም። ሽዑ ጾሙን ጸለዩን ኣእዳዎም ከኣ ኣንበሩሎም እሞ ሰደድዎም።» ግብረ 13፡2

ኣብዚ ኣስተዉዒልና ነንብቦ፣ ጾም ምስ ጸሎት ኣወሃሂዶም ክተግሁ እንከለዉ፣ ንኣህዛብ ናብ ክርስትና ዝጽውዕ ዕማም፣ ብመንፈስ ቅዱስ ንሓዋርያት ትእዛዝ ተዋህበ።

ሓይሊ ጾምን ጸሎትን ረኣይዎ። ፍጹም ደስ ዘብል ዉህደት ጾምን ፍቕሪን! መሰረት ናይ ጸሎት ጾም እንድሕሪ ዘኡኮይኑ፣ ጸሎት ሓይሊ የብሉን። ኣብ ልዕሊ ጾም ውን ጸሎት እንድሕሪ ዘይተሃኒጹ፣ ጾም ፍረ የብሉን።

ጾም ንሰብ ካብ ስጋዊ ፍትወታት ሓራ ትገብሮ እያ። ብጸሎት ኣቢልና፣ ኣንጻር ስጋዊ ፍትወትና እንዳተቃለስና ክንስዕር እንከለና፣ ጾም ድማ ንኩልንትናዊ ሰብነትና ሰንጢቃ ብምእታው፣ ንዉሽጥና ተንጽሆ። ናብዚ ዝነጽህ መንፈሳዊ መቅደስ ሰብነትና ድማ፣ ንእግዚአብሔር ተእትዎ።

እቲ ንመሬቱ ክይሓረሰ፣ ዝዘርእ ሓረስታይ፣ ዘርኡ ብከንቱ የባኽን፣ ኣብ ክንዲ ስርናይ ድማ እሾኽ ክረኽብ እዩ። ከምኡ ውን፣ ኣብ መንፈሳዊ ህይወትና፣ ስጋና ከየጽረና፥ ናይ ጸሎት ዘርኢ እንተዘራእና፣ ኣብ ክንዲ ጽድቂ፣ ሓጢኣት ክነፍሪ ኢና። ጸሎትና ብዝተፈላለየ ሓሳባትን ስምዒትን (ፋንታዝያ) ክርበሽን ክስረቕን እዩ፣ ብስጋዊ ስምዒት ውን ክንረኽስ ኢና። ስጋና ካብ መሬት (ሓመድ) እዩ ተፈጢሩ፣ ስለዚ ከም መሬት ጌርና ክንከናከኖ ይግባእ፣ ከም መሬት ጌርና እንድሕሪ ዘይኰስኪስናዮ፣ ናይ ጽድቂ ፍረ ክህበና ኣይኽእልን።

በንጻሩ ሓደ ሰብ፣ ንመሬቱ ጽቡቕ ጌሩ ኰስኪሱን፥ ብብዙሕ ወጻኢታት ኣጽርዩን ከብቅዕ፣ ዘርኢ ክይዘርአ እንድሕሪ ሓዲግዎ፣ ብጽዑቅ ጻህያይ ተመሊኡ፣ ድኻሙ ንከንቱ ኮይኑ ይተርፍ። ስለዚ ነፍሲ ውን፣ ብጾም ጸርያ ከተብቕዕ፥ ብጸሎት፥ መጽሓፍ ቅዱስ ምንባብን፥ ትሕትናን ጌርና እንድሕሪ ዘይኰስኪስናዮ፣ ትዕቢት፥ ከንቱ ዉዳሴን፥ ሰብ ምንዓቅን፣ ዝኣመሰሉ ናይ ነፍሲ ጻህያይ ክነፍሪ ኢና። ጾምና ውን ናይ ጻህያይ መፍረዪ ኮይኑ ይተርፍ።

ሃርጎምጎምን ስኽራንን ዝኣመሰሉ ፍትወታት ካብ ምንታይ ይብገሱ? መግቢን መስተን ባህሪያዊ እዩ፣ ግቡእ ዓቀን ውን ክንምገብ ኰነ ክንሰቲ ይግባእ። ኮይን ግና፣ ሚዛናዊ ኣመጋግባን ኣሰታትያን እንድሕሪ ዘይብልና፣ ማለት ቅኑዕ ግቡእ ምፍላይ እንድሕሪ ስኢንና፣ ካብቲ ሰብነትና ንክዓዩን ክንቀሳቀስን ዘድልዮ ባህሪያዊ ዓቀን ንላዕሊ፣ ክንምገብን ክንሰቲን እንድሕሪ ጀሚርና፣ ፍትወት መግብን መስተን ከነዕቢ ንጅምር። ካብ ዓቀን ንላዕሊ መግቢ ምምጋብ፣ ሓይሊ ከም ዝስምዓና ይገብረና እሞ፣ ባህሪያዊ ኣጠቃቅምኡ ሓዲግና፣ ብዘይ ባህሪያዊ መንገዲ ክንጉዓዝ ንጅምር። ብኸምዚ መንገዲ ውን ከዳኽመና፥ ከዕንወናን፥ ክጎድኣናን ይኽእል።

ጥዑማት ብልዒ ኣወጊድና፣ ታራ ብልዒ ብምምጋብን፥ ካብ ዓቀን ንላዕሊ ብዘይምብላዕን፤ ንፍትወት መግቢ ክንቆጻጸሮ ይከኣል እዩ። ቅድም፣ ካብ ዓቀን ንላዕሊ ብልዒን፥ ጥዑማት መግቢን ከነወግድ ይግባእ። በዚ ውን፣ እቲ ናይ ሃርጎምጎም ስምዒትን ናይ ብልዒ ፍትወትን፣ ክጸሪ ይጅምር። እጢ ናይ መግቢ ድሌት ውን ኖርማል ይኸውን፣ ብታራ ዓይነት ብልዒ ውን ክንዓግብ ንኽእል።

በንጻሩ ግና፣ ነቲ ናይ መግቢ ድሌታትና፣ ካብ ዓቀን ንላዕሊን፥ ጥዑም ዓይነት መግቢ፣ ብምብላዕ ክንዓግብ ንፍትን እንድሕሪ ኮይንና፣ ብቀሊሉ ፍትወት ከነማዕብል ንኽእል፣ ሽዉሃትና ውን ምዉት ይኸውን። ነቲ ዝሞተ ሽዉሃትና ክነለዓዕሎ ድማ፣ ዝተፈላለየ ጣዕሚን ዓይነትን መግቢን ብምብላዕ ፈተነ ንገብር። ኣብቲ መጀምርታ፣ ዝዓገበ ይመስለና፣ ኮይኑ ግና እቲ ድሌታት እንዳዓበየ ስለዝመጽእ፣ ተለዋዋጢ ህርፋን መግቢ ነማዕብል። ኣብ መወዳእታ ውን፣ ናብ ብልሽዉ ፍትወት ይቕየር፣ ክብድና ከየዕረፈ ዝተፈላለየ ዓይነት ብልዒ ክጠልብ ይጅምር፣ ፍጹም ውን ዕግበት ዘይብሉ ይኸውን።

ገዛእ ነፍስና ንኣገልግሎት እግዚአብሔር ብምቕዳስ፣ መሰረት ናይ ኲሉ መንፈሳዊ ህይወትና ጻዕሪ ጾም ንግበሮ። ናይ ሓደ መሰረት ኣገዳስነቱ፣ ኣብ ምጽንዑ እዩ። ጽኑዕ መሰረት እንድሕሪ ሃልዩና፣ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ንሃንጾ ቤት ውን ድልዱል ይኸውን። እንድሕሪ መሰርት ዘይጽኑዕ ኮይኑ ግና፣ ገዛ ክትሃንጽ ኣይከኣልና፣ ዋላ እቲ ገዛ ኣዝዩ ድልዱል ይኹን፣ ኲሉ ነገር ንከንቱ ይኸውን። እምበኣር ንሕና ውን፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኣጋጣሚን፣ ኲነታትን፣ ንጾምና ኣብዚሕና ብምብላዕ ክንሰብሮ ኣይነፍትን። ብፍላይ ድማ ብስኽራን!

ዝበዝሑ ቅዱሳን ኣቦታት ከም ጽቡቅ ጾም ጌሮም ዝምስክርዎ፣ ኣብ መዓልቲ ሓንሳብ ብዓቀን ምምጋብ እዩ። ከምዚ ዓይነት ጾም፣ በቲ ሓደ ንሰብነትና ብጥሜት (ነዊሕ ሰዓታት ብምጿም) ኣየድክሞን፣ በቲ ካልእ ውን ብብዝሒ መግቢ ውን ሰከም ኣየብዝሓሉን። ሰብነትና ንነፍሲ ከምትድግፍ ጌሩ ግቡእ ዓቀን መግቢ ከም ትረክብ ይገብር። ከምዚ ዓይነት ጾም ጎሊሑ ዝርአይ ስምዒት ስለዘሕድር፣ እቲ ጾዋማይ ሰብ ብዛዕባ ነፍሱ ኣይምካሕን። እቲ ጾም ፍሉይ ዓይነት ጠመተ ዝህብ እንድሕሪ ኮይኑ፣ ካልኦት ሰባት ከም ፍሉይ ስነ ምግባር ወሲዶም ክዉድሱ ይጅምሩ።

እቶም ናይ ጉልበት ስራሕ ዝሰርሑን፣ ድኹም ሰብነት (ጥዕና ጸገም ዘለዎምን ስጋዊ ኣካላቶም ድኹም ዝኰኑን) ዘልዎም ሰባትን፣ ማለት ኣብ መዓልቲ ሓንሳብ በሊዖም ክዉዕሉ ዘክእሉ፣ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ክበልዑ ይግባእ።

ኣስተዉዕሉ፣ ጾም ምእንቲ ሰባት እዩ፣ ሰባት ኣይኰንናን ምእንቲ ጾም፣ ማለት ጾም`ሲ ንሕና ክንግልገለሉ እዩ ተዋሂብና እምበር፣ ንሕና ናይ ጾም ባርያ ክንኸዉን ኣይኰነን። መግቢ ብተደጋጋሚ ይኹን ስሕት ኢልና ንመገብ ብዘየግድስ፣ ኲሉ

ግዜ ግና፣ ጽጋብ (ካብ ዓቀን ንላዕሊ ምምጋብ) ክነወግድ ይግባእ። ጽጋብ ንመንፈሳዊ ዕዮ ዓንቀጺ እዩ፣ ንስጋዊ ፍትወት ዉን ኣፍደገ ዝኸፍት እዩ።

*ልዕሊ ዓቀን ጾም፣ ማለት ካብ ዓቕሚ ሰብነትና ንላዕሊ ካብ ብልዒ ምኽልካል፣ ብቅዱሳን ኣቦታት ኣይድገፍን እዩ። ዓቀኑ ዝሓለፈ ጾም፣ ናብ ጽንኩር ድኻም ክመርሓን ይኽእል፣ ብሰንኪ `ዚ ጽንኩር ድኻም ድማ፣ እቲ ሰብ`ቲ መንፈሳዊ ዕዮ ዝዓየሉ ሓይሊ ይስእል፣ ስለዚ ዉን ዓቀኑ ዝሓለፎ ጾም ዘዘዉትር ሰብ፣ ንመንፈሳዊ ዕዮ ዘይብቑዕ ይኸዉን። ብዘይኻዚ ዉን፣ ናብ ትምክሕትን ትዕቢትን ክመርሓና ይኽእል እዩ።*

እቲ ቀንዲ ዘገድስ ዓይነት መግቢ እዩ። እታ ኣብ ገነት ዝነበረት ዝተኸልከለት ፍረ ኦም በለስ (ዕጸ-በለስ)፣ ዋላኳ ብትርኢታ ኣዝያ ጽብቕቲን፣ ንምብልዓ ዉን ኣዝያ ጥዕምቲን ትኹን፣ ነፍሲ ክትቐትል ዘኽእላ ሓይሊ ግና ኔርዋ። ናይ ሕማቕን ጽቡቕን ፍልጠት ብምሃብ፣ ንንጽህና ቀዳሞት ወለድና (ኣዳምን ሄዋንን) ኣርኪሳቶ እያ። ሕጂ ዉን መግቢ፣ ኣብ ነፍሲ ዝተፈላለየ ዓይነት ጽልዋ የሕድር ኣሎ። ካብዚ ኩሉ ፍሉይ ጽልዋ ዘለዎ ወይኒ (መስተ) እዩ። ናይ መስተ ጽልዋ፣ ኣብ ስጋናን ደምናን ዝተፈላለየ ስምዒት ብምዝራእ እዩ ስርሑ ዝሰርሕ። እቲ ካብቲ መስተ ዝወጽእ ጋዝ፣ ካብ ከብዲ ሓሊፉ ብደም ኣቢሉ፣ ናብ ርእስና ስለዝድይብ፣ ንሓጎልና ይጸልዎ። መስተ ብዝፈጥሮ ጽልዋ፣ ልብና ኣጥፊእና፣ ዘይንቁሓት ይገብረና፣ ሓሳባትና ዉን ክንቆጻጸር ዘይንኽእል ንኸዉን። ስለዚ ዉን እዩ፣ መስተ ከምዚ ዓይነት ጽልዋ ስለዘለዎ፣ ማንም መነኮስ ወይ ባሕታዊ ዝኾነ ዓይነት መስተ ክሰቲ ኣይፍቀዶን እዩ። መስተ ብዘለዓዕሎ ፍትወት ተደፊኡ፣ ዝተፈላለየ ዓይነት ስምዒትን ስጋዊ ሓሳባትን ይህልዎ፣ ብከምዚ ዉን፣ መንፈሳዊ ጸጋታታ ካባና ርሒቑ፣ ኣብ ሓጢኣት ተሳዒርና ክንወድቕ ንኽእል። ነዊሕ ግዜ ተቃሊሶም ዘጥረይዎ፣ ትግሃትን ንቕሓትን፣ ብዉሑዳት ደቓይቕ ተሳዒሩ ይተርፍ።

"ማንም መነኮስ ዝኾነ ዓይነት መስተ ክሰቲ ኣይፍቀዶን" ይብል ቅዱስ ጳሜን ዓቢ።

ንጽህንኡን ቅድስንኡን ክሕሉ ዝደሊ ኩሉ ክርስቲያን፣ ነዚ ሕጊ ክስዕቦ ይግባእ። ኩሎም ቅዱሳን ኣቦታት ነዚ ሕጊ ተጠቂሞሙሉ እዮም፣ ስሕት ኢሎም ወይኒ እንድሕሪ ሰትዮም ድማ፣ ብብዙሕ ጥንቃቐታት እዮም ዝገብርዎ። ጉዕ፡ ጂንጂብልን. . ካልኦት ቅመማት ዝተሓወሶም ዉዕይ መግቢ ዉን ካብ ጣዉላ ናይ ተሓራሚ ክልግስ ኣለዎ፣ ምኽንያቱ ንፍትወት ከለዓዕሉ ይኽእሉ።

ፍጥር ምስ በልና፣ ብፈጣሪና እግዚኣብሔር ዝተኣዘዘልና ዓይነት መግቢ፣ ፍረታትን ኣሕምልቲን እዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንቀዳሞት ወለድና ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፦

"ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ ዘርኢ ዘለዎ ኹሉ ኣሕምልትን ዚዝራእ ዘርኢ ዘለዎ ፍረ ኦም ናይ ኩሉ ኣእዋምን ሂበኩም ኣሎኹ እሞ፡ ምግቢ ይኹንኩም።" /ዘፍ 1፡29/

ድሕሪ ማይ ኣይሂ እዩ፣ ስጋ ክንበልዕ ዝተፈቕደልና /ዘፍ 9፡3/።

ካብ ኣትኽልቲ ዝርኸቡ ዓይነት ብልዒ (ጥረ ምረ፡ ኣሕምልቲን፡ ፍረታትን) ጽቡቕ መግቢ እዩ። ንደምና ብዙሕ ኣየርስኖን፣ ንስጋና ዉን ብዙሕ ስብሒ ኣይህብን። ካብቲ ኣሕምልቲ ዝወጽእ ጋዝ፣ ብድም ኣቢሉ ናብ ርእስና እንተኸደዉን፣ ብዙሕ ጽልዋ የብሉን። ብዘይካ`ዚ ኣብ ከብድና ብዙሕ ልፋጭ ኣይፈጥርን። ስለዚ ኣታክልታዊ መግቢ፣ ብኩልንትንኦም ተመረጽቲ እዮም። ንባሕታዊ ዉን ኣዝዮም ምቹኣት እዮም። ኣታክልታዊ መግቢ ክንጥቀም እንከሎና፣ ናይ ሓንጎልና ንቕሓትን ንጽህናን ብቀሊሉ ክንዕቅብ ንኽእል፣ ናይ ኣእምሮና ሓይሊ ዉን ሙሉእ ይኸዉን። ዝኾነ ዓይነት ፍትወት ክለዓዓል እንከሎ ዉን፣ ቅልጥፍ ኢልና ክንቆጻጸሮ ዓቕሚ ይህልወና። ኣብ መንፈሳዊ ዕዮ ዉን ጽሙዳት ክንኸዉን ይሕግዘና።

ዓሳ ዉን ሓደ ክንጥቀቀሉ ካብ ዝግባእ ዓይነት መግቢ እዩ፣ ብፍላይ ካብ ዓበይቲ ዓሳታት ባሕሪ ዝርኸብ ስጋ ዓሳ፣ ደምና ቀልጢፎም ከርስንዎ ይኽኡሉ፣ ሰብነትና ዉን ክሰብሕ፣ ሓንጎልና ዉን ክጸልዉዎ ይኽእሉ። ብተደጋጋሚ ግዜ ክንምገቦም እንኰለና ዉን፣ ንኸብድና ብሓደገኛ ልፋጭ ክመልእዎ ይኽእሉ።

ኣብ ስጋ ክንመጽእ እንከሎና ድማ፣ እቲ ጽልዋ ኣዝዩ ላዕሊ እዩ። ቀልጢፍና ክንሮግድ ይገብር፣ ንደም ብቅልጡፍ የርስኖ፣ ናብ ዝፍጣጠ ዉን መርሓና ይኽእል። እቲ ካብ ከምዚ ዓይነት መግቢ ዝወጽእ ጋዝ ዉን ንሓንጎልና ኣዝዩ ጸላዊ እዩ። ስለዚ ዉን እዩ፣ ብዙሓት መነኮሳት ስጋ ኣይበልዑን። እቶም ኣብ ከቢድ ናይ ጉልበት ስራሕ ዝሳተፉ፣ ሰባት ጥራይ እዮም ብዝያዳ ዘዘዉትርዎ። ዋላ ንዓታቶም ዉን፣ ክበዝሕ እንከሎ ጎዳኢ እዩ።

ገሌኹም፣ “እንታይ!” ኢልኹም፣ ብምግራም “ስጋ ኣምላኽ እዩ ንብልዒ ዝሃበና፣ ንስኻ ዲኻ ትኽልክሎ ዘላኻ?” ኢልኩም ትሓቱኒ ትኾኑ።

ነዚ ሕቶ ብቃል ሓዋርያ ክምልሰልኩም፣

“ኵሉ ተፈቒዱለይ፥ ኵሉ ግና ኣይጠቅምን እዩ፥ ኵሉ ተፈቒዱለይ፥ ኵሉ ግና ኣይሃንጽን እዩ።” 1ይ ቆሮ 10፥23

ስጋ ዘይንበልዕ፣ ርኹስ ኢልና ስለዝተጸየፍናዮ ኣይኰነን፣ ኮይኑ ግና ሩግዲ ዘስዕብን፣ ንመንፈሳዊ ዕብየት ዉን ዓንቃጺ ስለዝኾነ እዩ።

ቅድስት ቤተክርስቲያን፣ በቲ መንፈሳዊነት ዝመልኦ ጥበባን ሕጋን፣ ኣብ ዓለም ኮይንና ክርስቲያናዊ ህይወት ክንነብር እንክሎና፣ ስጋ ከም ብልዒ ክንጥቀም ፈቒዳትልና ኣላ። ኮይኑ ግና፣ ስጋ ንበልዓሉ ወቕቲን፣ ዘይንበልዓሉን ወቕቲን ሰሪዓትልና ኣላ። ማለት ኣብ ግዜ ጾም፣ ስጋን ዉጽኢት እንስሳን ኣይንበልዕን፣ ጾም ኣብ ዘይብሉ ወቕቲን ድማ፣ ንበልዕ ኢና። ብኸምዚ ድማ ብፍትወት ብልዒ ስጋ ከይንእሰር ትገብረና። ሰናይ ዉጽኢት ናይ ከምዚ ዓይነት ጾም፣ ኣብቶም ብጽኦም ዝተሞከሩ ክርስቲያናትን፥ ብግቡእ መንፈሳዊ ርዝነት ኣብ ዝጾሙ ምእመናንን ክርአ ይኽኣል።

ነቶም ገዳማዊ ህይወት ዝመርሑ፣ መነኮሳትን ባሕታዉያንን፣ ስጋ ኣይፍቑድን እዩ። ኣብ ክንድኡ፣ ጾም ኣብ ዘይብሉ ግዜ፣ ጸባን ዉጽኢት ጸባን፥ እንቋቑሖን ክበልዑ ይፍቀደሎም እዩ። ኣብ ዉሑዳት መዓልቲን ወቕቲን ድማ፣ ዓሳ ክበልዑ ይፍቀዶም። ኮይኑ ግና ኣብቲ ዝበዝሐ ግዜ፣ ኣታክልታዊ መግቢ ጥራይ እዮም ዝምገቡ።

ኣታክልታዊ መግቢ በቶም ፍጹም መንፈሳዊ ቅንኢ ዘሕደሩ ባሕታዉያን ዝዉትር እዩ። ብፍላይ እቶም ብመንፈስ እግዚኣብሔር ተመሪሖም ዝጉዓዙ መነኮሳት፣ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ፣ ንመፈሳዉ ህይወት ኣዝዩ ብዙሕ ጥቕሚ ስለዝህብን፣ ሕሱር ብምዃኑን፣ ኣታክልታዊ መግቢ ኵሉ ግዜ የዘዉትሩ። መስተ ናይዞም ኣካላት ጽሩይ ማር ጥራይ እዩ፣ ዝኾነ ኣልኮላዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መስተ ይኹን ካልእ ጣዕሚ ዝህብ ነገራት ኣይዉስኹሉን። ዋላ ከም ጥሕኒ መሳሊ ነገር ኣይገብርዎን።

ቤተክርስቲያን ናይ ጾም ሕጊ ዝሰርዓትልና ቀንዲ ምክንያት፣ ክርስቲያናት ኵልና ብማሕበር ዝተጠርነፈ ሓደ ዓይነት ስርዓትን ሓይሊን ክህልወናን፣ ደቃ ካብዚ ናይ ሕብረት ሓይሊ ተኸፊልቲ ክኾኑን  ብምሕሳብ እዩ። ኮይኑ ግና፣ በዚ ናይ ሓባር ሕጊ ኵሉ ሰብ ክቕየድ የብሉን። ነፍሲ ወከፍ ሰብ፣ ምስ ናይ መንፈሳዊ ኣቡኡ እንዳተማኽረ፣ ብዘለዎ መጠን ተሞክሮን፣ ዓቕሚን ተወሲኑ ክጸዉም ይግባእ። እቲ ናይ መንፈሳዊ ኣቡኡ፣ ነቲ ዘለዎ ኵሉ ተሞክሮን፣ ብስለትን ገምጊሙ፣ እቲ ዉላድ ብመንፈሳዊ ህይወቱ ዝዓብየሉ፣ መንገዲ ክሕብሮ ይኽእል። እንተኾይኑ ግና፣ ማንም ክርስቲያን ብኢደ ዋኒኑ ተበጊሱ፣ ማለት ንመንፈሳዊ ኣቡኡ ከየማኸረ፣ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ጾም፥ ክጸዉም ኣይግባእን።

*ክደግሞ እየ፣ ጾም እዩ ምእንቲ ሰብ ዝተዋህበ እምበር፣ ሰባት ኣይኰንናን ምእንቲ ጾም ዝተፈጠርና። ንሰብነትና ክሕግዝ ዝተዋህበና ብልዒ፣ መዕነዊ ክንጥቀመሉ ኣይግባእን።*

ቅዱስ ባሲልዮስ ዓቢ ከምዚ ይብል፣ “ከብዲኻ እንድሕሪ ተቆጻጺርካዮ፣ ናብ ገነት ክትድይብ ኢኻ። እንድሕሪ ዘይተቆጻጺርካዮ ግና፣ ግዳይ ሞት ክትኸዉን ኢኻ” በለ።

ኣብዚ ብሂል`ዚ፣ ቅዱስ ኣቦና፣ ገነት ዝብሎ ዘሎ፤ ናይ ጸሎትን ናይ ጸጋን ደረጃ ማለት እዩ። ሞት ዝብሎ ዘሎ ድማ፤ ብፍትወት ዝተገዝአ ህይወት ማለቱ እዩ። ኣብዚ ምድራዊ ህይወት ዝህልወና፣ ናይ ጸጋ ህይወት፣ ደሓር ኣብታ ሰማያዊት ገነት፣ ንዝህልወና ክብሪ መርኣያ እዩ። ኣብ ሓይሊ ሓጢኣት ምዉዳቕን፣ ብቃልሲ መንፈሳዊ ህይወት ምዉት ምዃኑን ድማ፣ ደሓር ኣብ ገሃነም እሳት ወዲቕና ንዝህልወና ህይወት መርኣያ እዩ።

ስለቲ ዘይንገር ዉህብትኡ ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን፣ ንዘለዓለም ዓለም፣ ምስጋና ይኹን፣ ኣሜን።